
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.220 | ሓሙስ 15 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ንግስነትና ኩሉ ነገር ብብዝሒ ዘፍሪ'ዩ"


ገጽ 4

ዝኽሪ ግንቦት

ገጽ 5
"እቲ ሎሚ ዘንብብ'ዩ፡ ጽባሕ መራሒ ዝኸውን"


ገጽ 11
ዞባ ደቡብ - ስፖርታዊ ውድድር ተመሃሮ ተዛዚሙ



## ዞባ ማእከል - በዓል ናጽነት ንምምዕራግ ምድላዋት ተሰላሲሉ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ መበል 34 ዓመት ጽንበል ናጽነትና ንምምዕራግ ብደረጃ ዞባ ክኻየድ ዝጸንሐ ባህላውን ስፖርታውን ምድላዋት ከም ዝተዛዘመ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ - ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደባት ብ7 ግንቦት ብቐንዲ ናጽነት ኣብዮተ-ትምህርቲ ከም ዝተፈለመ ብምጥቃስ፡ ምውቃብ ከተማን ቀንዲ ጐደናታትን፡ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማን ካልእን፣ ሰልፊ ተመሃሮን ህዝባዊ ሓይላትን ከምኡ'ውን ምርኢት ጐደናታት ከም ዘጠቓልል ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሃገደኤ ዝተዳለወ ስፖርታዊ ምርኢት፡ ኣካል መደባት ጽንበል ናጽነት'ዩ።

ንኣማዊ ዳሳት ኣመልኪቱ ድማ ኣቶ ኣስመሮም፡ ሎሚ ዓመት 86 ኣብ ገጠራት ዝርከባ ብጠቕላላ 152 ኮማዊ ዳሳት ከም ዝተተኽላ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኣስመሮም፡ ብሕብረታዊ መበራብርቲታትን ጭርሖታትን ዝማዕረገ ቀንዲ ጐደናታት ኣስመራ፡ ብ15 ግንቦት ክውላዕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ንዝጽንበል መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ሰፊሕ ምድላዋት ከም ዝተገብረ፡ ኣብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ - ሓላፊ ምክትታል መደባት ኮሚቴታት መንእሰይ መሓመድ ዒሳ ሓቢሩ።

እዚ ሃገራዊ በዓልና ብድምቀት ንምጽንባል፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ኮሚቴታት ቈይመን ምድላዋተን ክካየዳ ምጽንሐን ብምግላጽ፡ እቲ መደባት ብቐንዱ - ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ንዝተኸፍለ ዋጋን ዘሰክሮ ሓለፍትን ብሓፈሻ፡ ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት ድማ ብፍላይ ዘንጸብርቕ ኮይኑ፡ ንመላእ ህዝብን ሓይልታትን ምክልኻልን ከም ዝሳተፍ ኣብሪሁ።

ዛጊት ሰሚናራት ንህዝብን ተመሃሮን፡ ስፖርታዊ ውድድራትን ማእቶታዊ ንጥፈታትን ዘጠቓልል መደባት ተኻዪዱ ምህላዉ ጠቒሱ ድማ፡ ብደረጃ ን/ዞባ ኣረዕታ 17 ግንቦት ኣብ ጠዮ፣ ብደረጃ ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ 19 ግንቦት ኣብ ዕዲ፣ ብደረጃ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ድማ 20 ግንቦት ኣብ ራሓይታ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ከም ዝጽንበል ኣፍሊጡ።

መንእሰይ መሓመድ ዒሳ ኣስዒቡ፡ ወግዓዊ ጽንበል ብደረጃ ዞባ 23 ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ከም ዝካየድ ብምሕባር፡ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ማሰናድኣታት፡ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ፈጣናትን ልምዳውያንን ጀላቡ ከም ዝቐርብ ገሊጹ።

መደባት በዓል ናጽነት ኣብ ከተማ ዓሰብ ከም ልሙድ ናይ ፈስቲቫል መልክዕ ሒዙ ካብ 23 ክሳብ 26 ግንቦት ኣብ ቀጽሪ ራስ ጎንቦ ብዝካየድ መደባት ድሚቑ ከም ዝቕጽል ብምሕባር፡ 10 ጉጅለታት ባህሊ ዝሳተፋኦ ባህላውን ኣዘናጋዕን ምርኢት፣ ናይ መንግስትን ውልቅን ትካላት ዘቕርብኦ ትሕዝቶ፣ ብምምሕዳራት ዝቐርብ ምርኢት ደኪናን ኣብይትን ቁሸት መኣብርን፣ ከምኡ'ውን ቁሸት ህጻናት ከም ዘጠቓልል ኣረዲኡ።



መንእሰይ መሓመድ ዒሳ ኣብ መወዳእታ፡ መደባት በዓል ናጽነት ኣብ ንኣሽቱ ጽልዋ ብዘለዎም ምስ ታሪኾም ብዘሎ ኣገባብ ተቓንዩ ከም ዝዘሎ ኣረጋጊጹ።

## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ ተዘኪራ

12 ግንቦት - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ፡ "ኣጉዳሲት ጥዕና ብቕሊ - ኣብ ወሃዲ ጥዕና!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ንረብዓይ ግዜ ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ክኢላታትን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወከልቲ ውድብ መግቢን ሕርሻን፡ ዝምልከተን ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣጋይሽ ከም ዝተሳተፉ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።





ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምሳየና ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቅርጺ መሬት ኤርትራ ንሕርሻዊ ንጥፈታትን ጥዕና ብቑልን ብዙሕ ዕድላትን ብድሆታትን ስለዘፈጥር፡ ንጥፈታት ጥዕና ብቕሊ ንምሕያል፡ ኣብ ምክልኻልን ቍጽጽርን ኣንበጣ ምድረበዳን ኣንበጣ ገረብን ሳጋሚ ባርናስ ቀወዒን፣ ምሕያል ስርዓት ወሸባ ብቕሊ፣ ምትእትታውን ምሕያልን ወሃዲ ምሕደራ ባልዓት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ደርቅን ሕማማትን ዝጻወሩ ኣእካል ብዕቱብ ክስራሕ ምጽንሑ ሓቢሩ።

ንውድብ ሕርሻን መግብን ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዘሰመዐ ኣቶ ሰዩም ጠዓመ ብወገኑ፡ ጥዕና ብቕሊ ዘውሕስን ዘላቕን ዘሎምን ሕርሻዊ ኣካይዳታት፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ቀዳሚት ዝሰርሖ ዕማም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ተልእኾ - ምውጋድ ጥሜት፡ ምምሕያሽ ስርዓት ኣመጋግባ ከምኡ'ውን ዘላቕነት ጸላት ሕርሻ ምድንፋዕ ከም ዝዝንቱ ኣብሪሁ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብዛዕባ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን ህልው ኩነታትን ሜላታት ወሃዲ ጥዕና፣ ምርምርን ስሩዓን ጥዕና ብቕሊ፣ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ጥዕና ብቕሊ፣ ከምኡ'ውን ኣጉዳሲት ቅድመ-መጠንቀቕታ ኣብ ሓደስቲ ዝቕልቀሉ ባልዓት ዝብል መግለጺታት ብክኢላታት ሚኒስትሪታት ሕርሻን ጥዕናን ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ስግረ-ዶባዊ ባልዓት ንምክልኻል ልዑል ቍጽጽር ክግበር፣ ባልዕ ጉልሒንጣ የስፋሕፍሕ ስለዘሎ ኣደዳሆ ክግበረሉ፣ ስሩዕን ዕቱብን ኩለላታት ክካየድ፣ ወህደት መሻርኽቲ ኣካላትን ትካላት ምርምርን ዝያዳ ክስጥም፣ ንጥዕና ብቕሊ ዝምልከት ጉስጓሳት ብቐጻሊ ክካየድ፣ ዓለማውን ዞባውን ምልውዋጥ ሓበሬታ ክሕይል፣ ከምኡ'ውን ብውጽኢት ምርምር ዝተሰነየ ባህርያዊ ኣገባብ ጸረ-ባልዕ ክድፋኣሉ ዝብልን ካልእን ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

## መበል 37 ዓመት ህልቂት ሽዕብ ተዘኪሩ

መበል 37 ዓመት ናይ'ቲ መግዛእታዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሽዕብ ዝፈጸሞ ህልቂት፡ ብ12 ግንቦት ተዘኪሩ።

እቲ ብሰራሕተኛታት ተወዲቡ ዝተኻየደ መደብ፡ ወፈራ ማእቶት ኣብ'ቲ ኣስከሬናት'ቶም ልዕሊ 400 ንጹሃት ዜጋታት ዝዓረፈሉ መካነ መቓብር፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ ማሰናድኦ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ኣቶ ኣብብከር ኢብራሂም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ግዱሳት ሓይልታት "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ብምባል ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ብዝፈጸምዎ ግፍዕታት ዝወረደ ክሳራ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንናጽነት ዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋ ስለዝኾነ፡ ተረሰዕ ከይተርፍ ሓደስቲ ወለዶታት ከም ዝፈልጥዎ ምግባር ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ገሊጹ።



በቲ ኣብ 1988 ዝተፈጸመ ህልቂት፡ ቈልዓ-ሰበይቲ ዘርከብዎም ልዕሊ 400 ንጹሃት ዜጋታት ብሰንሰለት ታንክታትን ጠያይትን ከም ዝተቐትሉ ዝዝከር'ዩ።

# መስመርና ድርዕና!

ዜና

# ጋላ-ነፍሒ፡ ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዊጃ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ “ብጥምር ጻዕሪ - ወገድ ንክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ!” ብዝብል ቴማ፡ ብ13 ግንቦት ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዊጃ።

ኣብ’ቲ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ዝተሳተፈቶ ጽንብል፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላት ፍረ ሓባራዊ ስራሕ ዝደመቐሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንተግባርቲ ኣካላትን ኣበርክቶ ንዝገበሩን የቐንየልኩም ኢሉ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ዞባ ማእከል ኣቶ ተከኤ ቀለታ ብወገኑ፡ ምእዋጅ ነጻ ካብ ክሸቦ መርኣያ ናይ’ቲ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ሃሳይን ድሕሩርን ልምድታት ዘለዎ ቃልሲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብደረጃ ሃገር ብምውህሃድ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃማደኤን ን37 ዓመታት ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ፍረ ይሁብ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሃንስ ወልደገርግሽ ብወገኑ፡ ከም ኣብ ምውጋድ ክሸቦ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልኦትን ልምድታትን ንምውጋድ፡ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ተላብዩ።

ብደረጃ ዞባ ማእከል ብዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ሳዕቤናት ጉድኣት ልምዲ ልዕሊ 99 ሚእታዊት ብምብጻሑን ትሕቲ 5 ዓመት ዝተሸፈነ ሰለዘይተረኸበን፡ ኣብ ሰለስተ ናይ ገጠር ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከባ 46 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ክእወጅ ከምዝተወሰነ ኮሎኔል ገብረሃንስ ወሲኹ ኣፍሊጡ።


ስእሊ. ዮናታን የዕብዮ

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወቱ ተመሃሮ ገዚኦም ሽልማት፣ እቲ ናይ ምእዋጅ መደብ ዕውት ንክኸውን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣመሓደርቲ ከባቢ ድማ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ንኡሳን ዞባታት በሪክን ሰረጀቓን፡ ኣቐዲመን ነጻ ካብ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ ከምዝኣወጃ ዝዝከር እዩ።

# እዚ. ማእከል፡ ልዕሊ 200 ኣባላቱ ብሞያ ኣሰልጢኑ

እዚ. ማእከል፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ዘሰልጠናም ካብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ዝተዋጸኡ 207 ኣባላቱ፡ ብ13 ግንቦት ኣብ ደቀምሓረ ኣመሪቑ።

እቲ ብምኩራትን ጉዳይምን ሞያውያን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ድምጽን መዚቃን፣ ስነጽሑፍ፡ ድራማን ትልሂትን፣ ጋዜጠኛነትን ካሜራን፣ ኣርትዖት ስእልን ጽሑፍን፣ ከምኡ’ውን ኣጻሓሕፋ ዜናን ዓንቀጽን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ሓላፊ ስታፍ ሓበሬታን ጎስጓስን እዚ. ማእከል - ካፕተን ብርሃነ ፍስሃየ ገሊጹ።

ኣዛ. እዚ. ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ብወገኑ፡ ኣጉዳስቲ ባህልን ስነጥበብን ኣብ ህንጸት ሃገርን ሃገራውነትን ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ዕቱብ ኣበርክቶ ክገብሩ ትጽቢት ከምዘሎ ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ንጎድለቶምን ንቕሓቶምን ዘበርኽ ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ብምጥቃስ፡ ብታሪኹን ባህሉን ዝሕበን ወለዶታት ንምፍጣሩ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ክድፋኣሉ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር፣ ንዕዉታት ድማ ሽልማት ተዓዲሉ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቁስ 125013 - ቁሳጶ 1284


# መደበር ፈልሲ ማይ-ምነ፡ መደባት ምግራብ ንምድንፋዕ ትነጥፍ

መደበር ፈልሲ ማይ-ኣትካር - ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ፡ ፈልሲታት መቢቑላዊ ኣግራብ ብምድላው ጠለብ ገረብ፡ ንምምላእን መደባት ምግራብ ንምድንፋዕን ትሰርሕ ኣላ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ’ታ መደበር ፈልሲ ኣቶ ተስፋጋብር ብርሃነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ክራምት ዝትከል ልዕሊ 200 ሽሕ ፈልሲታት፡ 36 ዓይነታት ኣግራብ ከምዝጠቓለለ ኣፍሊጡ።


ስእሊ.-ፈልሞን ትካቦ

እቲ ፈልሲታት፡ ኣብ ደረጃ ምጽናዕ ዝርከብ ዓይነታት ኣግራብ ከምዝርከቦ ብምጥቃስ፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሰነ ክዕደል ከምዝጅምር ሓቢሩ።

ዓማዊሎም - ውልቃውያን ገረብ፡ ትካላት መንግስቲ፡ ናይ እምነት ትካላት፡ ከምኡ’ውን ኣብያተ-ትምህርትን ሰራዊትን ከምዝኾኑ ብምግላጽ፡ ዓመት መጺ ብዝበዝሐ ዝትከል ፈልሲታት ወጽኢት ንኽረክቦ፡ ምምሕዳራት ሓለፍቲ ወሰደን ብዕቱብ ክሰርሓሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ተስፋጋብር፡ ኣብ ምእካብ ዘርኢ መቢቑላዊ ኣግራብን ካልእ ንጥፈታትን ልዑል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ምምሕዳራት ከባቢ ብምምጓስ፡ ኣብ’ታ መደበር ፈልሲ ዘሎ ሕጽረት መሳርሒታት ክፍታሕ ተላብዩ።

# ሓመልማሎ - ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒ ክዝውተር መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣልማዕቲ ጀራዲን ትሕዝቶ መሬቶም ብምህብታም ፍርያቶም ንምዕባይ ባህርያዊ ድኹዒ ክዘውትሩ፥ ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣቶ መሴ ገብረሚካኤል ኣዘኻኺሩ።

እቲ ንኡስ ዞባ ንልምዓት ጀራዲን ምቹእ ካብ ዝገበርዎ ሓደ፡ ሩባ ዓንሰባ ሰንጢቑዎ ስለዝሓልፍ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ መሴ፡ ኣልማዕቲ ዝ. ጺጋታት ብምምዝማዝን ካብ ቀመማዊ ድኹዒ ብምሕያብን እቶቶም ክዕብዩ ብንቕሓት ክሰርሑ ተላብዩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣልማዕቲ እቶታውነቶም ክብ ክብል ዝውድቦ ስልጠናታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ዘተኮረ ድማ ብቐንዱ ዘተባብዕ ወጽኢት ደርኹ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ካብ 2024 ክዕደል ዝጀመረ ካብ ጸሀያይ ባሕሪን ካልእን ብመልክዕ ፈሳሲ ዝዳሎ ድኹዒ፡ ኣብ መጺኢ’ውን ክቕጽል ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ቀመማዊ ድኹዒ ንጥዕና መሬትን ሰብን ጉድኢ ስለዘኸትል ክውገድ፣ ምኽሪ ክኢላታት ድማ ብግቡእ ክትግበር ብምዝኽኻር ድማ፡ ለቡዳዊ ባልዕ ፍረታት ንምምካት፡ ኣልማዕቲ ብዝተወደበ መልክዕ ንምጥፍኡ ሰጉምቲ ክወስዱ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ 494 ሄክታር ዘልምዑ 688 ሰብ ጀራዲን ክህልዉ ከለዉ፡ ካብ’ቲ ዝለምዕ 318 ሄክታር ፍረታት፡ 112 ሄክታር ኣሕምልቲ፡ 64 ሄክታር ድማ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ’ዩ።


ስእሊ. ኤፍሬም ተስፋርያ

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጕስ

## “ንግስነትና ኩሉ ነገር ብብዝሒ ዘፍሪ’ዩ”

1790ታት ህዝቢ እንግሊዝ ምስ ቁጽሊ ሻሂ ቻይና ዝተላለየሉን ጣዕሙ ዘፍቀረሉን እዋን’ዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ጠሉብ ቁጽሊ ሻሂ እንግሊዝ ዓበየ። ዕብየት ናይቲ ጠለብ፡ ንሚዛን ንግዲ እንግሊዝ ምስ ቻይና ናብ ዝዓበየ ኣሉታ ኣብረኾ። ነቲ ንግዳዊ ሚዛን ንምትዕርራይ፡ እንግሊዝ ነቲ ኣብ ወደብ ካንቶን ጥራይ ተኻይዱ ዝነበረት ንግዲ ናብ መላእ ቻይና ክተስፋሕፍሖ ደለየት። ንጉስ ብሪጣንያ ጆርጅ ሳልሳይ ድማ ኤርል ማካርቲኒ ዝተባህለ ፍሉይ ልኡኽ ብምሻም ናብ ቻይና ሰደዶ። ተልእኾ ማካርቲኒ፡ ነቲ ኣብ ወደብ ካንቶን ጥራይ ተደሪቱ ዝነበረ ንግዳዊ ንጥፈታት እንግሊዝ ክሰፍሕ ኣብ መላእ ቻይና ናጻ ንግዲ ክተካይድ ክፍቀደላ ንንጉስ ቺያንሉንግ ምእማን ነበረ። ንጉስ ቺያንሉንግ ግና ንማካርቲኒ እቲ ዝደለ ዝነበረ ፍቓድ ዘይሃባ ናብ ንጉስ ጆርጅ ትብጽሕ ደብዳቤ ሂቡ ኣፋነዎ። ንጉስ ቺያንሉንግ፡ ንግስነት ቻይና ምስ እንግሊዝ ተወሳኺ ንግዲ ምኽያድ ኣድላይነቱ ከምዘይረኣየ ቡታ ደብዳቤ ንንጉስ ጆርጅ ሓበሮ። ቻይና፡ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ወደብ ካንቶን ንግዲ ክካይዳ ዘፍቀደት ከም ቁጽሊ ሻሂ፡ ሃርን ካይላን ዝኣመሰለ ፍርያት ንግስነቱ ኣብዘን ሃገራት ዘየማትእ ኣድላይነት ስለዘለዎ ከም መርኣያ ጸቡቕ ግብሪ ምዃኑ ኣዘኻኸሮ። ‘ንግስነት ቻይና ኩሉ ነገር ብብዝሒ’ዩ ዘፍሪ። ክሊ ግዝኣትና ዝሰገረ ፍርያት የብሉን። ብርባራውያን ወጻእተኛታት ዝፈረየ ብእታው ኣምጺእና መለወጢ ፍርያትና ክንገብሮ ኣድላዪ ኣይነበረን” ብምባል መርገጺኡ ኣፍለጦ። ተልእኾ ማካርቲኒ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ፈሸለ።

እንግሊዝ ኣብ ቻይና ከም ዓማዊል ንዝረኣየቶም ካብቲ ተቐርቦ ዝነበረት ፍርያት ክዕድጉ ዘኽእሎም ፈተነ ከተካይድ ይኽኡን ብብዝሒ ክትሸይጥ ፍቓድ ስለዝተነፍጋ ናብ ካልእ ኣማራጺ ኣድሃበት - ካብ ህንዲ ናብ ቻይና ትልእኾ ዝነበረት ‘ኦፕዩም’ ናብ ምዝያዱ። መጠን ናይቲ ናብ ቻይና ዝኣቱ ዝነበረ ኦፕዩም ብምዝያዱ፡ ወልፊ ኦፕዩም ኣብ ህዝቢ ቻይና ኣስፋሕፍሐ። ምስፍሕፋሕ ወልፊ ኦፕዩም ኮንትሮባንዳ ዓጠስጠስ ኩብሎ ኣንቀደ። ሊን ዘሹ ንዝተባህለ ሰብ ምሉእ ስልጣን ብምሃብ ‘ጻር ድሮጋ’ ክኸውን ሾሞ። እንግሊዝ ድማ ከም መልሱተግባር ናይቲ ተበግሶ ነቲ ንቻይና ዝደሃሸ ውግእ ኦፕዩም ኣብ 1840 ወልዓቶ። እንግሊዝ ዕውትቲ ናይቲ ውግእ ብምዃን ንቻይና ንንግዲ ኦፕዩም ዘጠቓልል ስምምዕ ናጻ ንግዲ ክትቅበል ኣገደደታ። ኣብ 1842 ዝተፈጸመ ስምምዕ ናንጂን ድማ ንቻይና ናይ ግዳማዊ ወራር፡ ውግእ ሕድሕድን ሃገራዊ ውርደትን ዘመን ኣስዓበላ።

ኣብዚ ንግዲ ንኸሉን ተሳተፍቲ ሃገራት




ኦፕዩም ዘሻቐሎን ዘስግኦን መንግስቲ ቻይና ድማ ንግዲ ኦፕዩም ኣብ 1799 ኣገዶ። እቲ ዝተገብረ እገዳ ግን ከድምዕ ኣይከኣለን - ንግዲ ኦፕዩም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ቀጸለ። ኣብ 1838፡ ንጉስ ዳውጓንግ ወዲ ወዱ ንንጉስ ቺያንሉንግ ነቲ ናይ ብምዕሪ ከም ዘርብሕ ከም ዘየማትእ ሓቂ ዝስበኸሉ፡ ዓለማዊ ንግዲ ዘስፋሕፍሓሉ፡ ታሪፍ ከም ዓንቃጺ ንግዲ ኣብቂዑ’ዩ። ዓለም ናብ ሓደ ቁሸት ተቐይራ ወይ ዶብኣልቦ ኮይና ዝዘለሉ፡ ሰንሰለት ምውሳኽ ክብሪ ወይ ማስርሕ ምፍራይ ሃገራዊ ዶብ ዘሀሰሱ እዋን ድማ ምስዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ዛንታ ዝመሳሰል ፍጻመ ዝዘዱ ዘሎ ይመስል።

ጥሪ 2025፡ ዶናልድ ትራምፕ መበል 47 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ቃሉ መሓላ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን ኣብ ዘሰምዖ መደረ ካብ ዝጠቐሶ ነጥብታት ድሕሪ ደገም፡ ዝበለጸልና የለን፡ ምንቅልቓል ኣብቂዑ ዳግም ክንብርኽን ዝሓብተሙት ሃገር ክንከውንን ኢና፡ ዝኾነት ማሰነዕ ዘለዋ ሃገር ዘይብላ ጺጋ ማለት ዝዓበየ መጠን ኑዳድን ጋዝን ኣለና ክንጥቀመሉ ኢና’ውን፡ ሓምላይ ውዕል ከም ዘኽትምን ኢንዱስትሪ ኣውቶሞቢል ከም ዝድሕንን ክንብር’ዩ፡ ንኣመሪካውያን ሸቃሎን ስድራቤታትን ንምክልኻል ንግዳዊ ስርዓትና ምሉእ ምርመራን ምትዕርራይን ክንብረሉ ኢና’ዩ፡ ካልኦት ሃገራት ንምህብታም ዜጋታትና ግብሪ ክንዲ ዝኸፍሉ ዜጋታትና ንኽህብትሙ እተን ሃገራት ታሪፍን ቀረጽን ከም ዝኸፍላ ክንብር’ዩ፡ ኣመሪካ ኣብዘ መሬት ከም ኣዚያ ዝሓየለትን ዝዓበየትን ዝተኸበረትን ኩለን ሃገራት ዝምስጥላን ዝድነቓላን ብምዃን ግቡእ ቦታኣ ክትመልሰ’ያ ዝበል ደርከቦ። ነዚ ንምትግባር’ውን ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ውሽጢ 100 መዓልታት ስልጣኑ 145 ተፈጸምቲ ትእዛዛት ብምኽታም ሪኮርድ ሓዙ ደርኩቡ። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ድማ ስጉምታትን ተግባራትን ፕረዚደንት ትራምፕ ናብቲ ዝገለጸ ሸቶ ዘብጽሑ ድዮም ዝብል’ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ 30 ሕዳር 2024፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብዑብኣሊ ደምጺ ንኻልኣይ እዋን ምምራጹ ዝህልዎ ጽልዋ ኣመልኪታ ንዝቐረበትሉ ሕቶ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ “መለሰካ ንኣመሪካ ሓያል ግበራ (Make America Great Again - MAGA)፡ ትራምፕ ደጋጊሙ ዘልዕላ ኣርእስቲ’ያ። እዚ ኣመሪካ ቀደም ከምዝነበረቶ ዓባይ ወይ ሓያል ኣይኮነትን ዘላ ማለት’ዩ። እዚ ብዙሕ መልእኽታት ዝሓዘ’ዩ። እዚ፡ ናይ ትራምፕን ብዙሓት ሰዓብቱን ምእማን (recognition) ከኣ ሓቅነት ኣለዎ። ቀዳመይቲ ሰግኣት ወይ ንኣመሪካ ኣብዚ ዘውረደታ ቻይና’ያ። እዚ ሕጂ ታሪፍ 10% ወሰኽሉ፡ 25% ወሰኽሉ ዝብሃል ዘሎ ብናይ ትራምፕ ኣተሓሳስባ ኣመሪካ ዓባይ ክትከውን ምእንቲ ናይ ቻይና ዓብላሊ ጽልዋ ብዓለም ደረጃ ክጔብጦ ክኽእል ኣለዎ። ካብ ኣደካ ዝሞለቐ ሓይሊ፡ ሕጂ ክትመልሶ ኣለካ ማለት’ዩ። ብቑጠባ ክትዕብልል ክትክእል ኣለዋ። ‘ማጋ’ ግብረመልሳዊ (reactive) እዩ። ካብ ዝተኸሰረ ዕድል፡ ካብ ዝተፈጥረ ሕማቕ ኩነታት ዝመጸ ኣተሓሳስባ’ዩ። ንኣመሪካ ዓባይ ክትገብራ እንተኾይንካ ከም ብሓደሽ ናብኡ ዘብጽሓካ ፖሊሲታት ክህልወካ ኣለዎ። እቲ ፖሊሲታት ብግብሪ እንተርኢናዮ ምድራት (containment) ዝብሃል ኣገባብ’ዩ። ትራምፕ፡ ኣመሪካ ሓያል ክትከውን ምእንቲ ክፍትን’ዩ። ፈቲኑ እንታይ ግብረመልሲ ክረክብ ይኽእል ክርእ’ዩ። ንሱ ዝፍትኖ ዘሎ ሓቐኑ ሓቐቐኑ ገለ ነገር ከምጽእ’ዩ። ግን ናብ ምንታይ እዩ ዘምርሕ ኣብ መወዳእታ!”

## “ምህንድስና ንሃገራዊ ልምዓት”

8 ግንቦት 2025፡ ምህንድስና ንህንጸት ሃገር ብዝብል ቴማ ንዓውዲ ምህንድስናን ተራኡን ዘጕልሕ ብኮሌጅ ምህንድስናን ተክኖሎጅን ማይንፋሕ ፈላሚ መደብ ዝተኻየደላ ዕለት’ያ። እታ መዓልቲ ኣብ ጸላል ናይቲ ኮሌጅ ዝሕቆፉ ሸሞንተ ዓውድታት ትምህርቲ ዝተፈላለየ መደባት ዘቕረብሉን ተሳትፎ መሻርኽቲ ናይታ ኮሌጅ ዝተንጸባረቐሉን ነይራ። መጽናዕታዊ ሰሚናር፡ ምርኢት ምህዞኣውን ምሕደሳውን ፍርያት፡ ኣብ ተክኒካዊ ኣሰራርሓ ዘተኮረ ምርኢት ፖስተር፡ ንኣሰራርሓ ምህንድሳዊ ኣምራትን መስርሓትን ዘገንዘበ ዕዮ ኣብታ ዕለት ቀሪቡ። እቲ መደብ ንጡፍ ተሳትፎ ተማሃሮ ዝነበሮ ኮይኑ ሰፊቕሞ ዘለዉ ፍልጠት፡ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ክህሎት ዝተንጸባረቐሉን ዓቕሚ ዘበልን እዩ ነይሩ።

ምህንድስናን ተክኖሎጅን ንሰፍልጠት ናብ ተግባር ዘሰጋግር፡ ተጨባጢ ፍርያት ዝርከበሉ ዓውዲ ኮይኑ እቲ ቴማ ከም ዘመልክቶ’ውን ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ኣየማትእን። እዚ ወጽኢት ክርከብ እንተኾይኑ ግን ክስትውዓሉ ዘለዎ መሰረታዊ ጉዳያት ኣለዉ።


ተክኖሎጂ ብቐሊሉ ክርከብ ወይ ክሽመት ከም ዝከኣል ዝመልክት ግጉይ ግንዛበ ምፍዋስ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጉዳያት’ዩ። ውዱእ ፍርያት ብምውናን ወይ ብምህላኽ ጥራይ ዋና ተክኖሎጂ ኮይኑ ዝሰምዖ ሰብን ሕብረተሰብን ሓደት ኣይተሃዝ። ንኣብነት፡ ዝበለጸት ኮምፕዩተር ወይ መኪና ንዕዳጋ ወሪድካ ክትሽምት ወይ ናብ ሃገርካ ከተምጽእ ስለዝኸኣልካ ዝበለጸ ናይ ኮምፕዩተር ወይ መኪና ተክኖሎጂ ወኒንካ ኣለኻ ማለት ኣይኮነን። ኣመሪካ፡ ቁጠባዊ ስትራተጂ ቻይና ኣብ ዕዳጋኣ ክኣትዋ ንዘይልያ ኩባንያታት ዘስሕብ፡ ተክኖሎጂኣን ዘርቅቦን መባቆላዊ መልክዕ ምስ ሓዘ ድማ ካብ ዕዳጋኣ ክወጻ ዘገድድን’ዩ ብምባል ተክኖሎጅያዊ ኸጋስ ቻይና ንምግታእ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ኣየዕረፈትን። ተክኖሎጂ ከም ደራኺ ቁጠባዊ ዕብየትን ምዕባለን ጥራይ ዘይኮነ ኣካል ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ጽኑዕ ቁጽጽርን ክትትልን ክግበረሉ ምዃኑ ኣብ ምምሕዳር ባይደን ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ዝነበረ ጄክ ሱሊቫን ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ተክኖሎጂ፡ ከምቲ “ሳጓላ ብላዕ ኣይትቕላዕ” ዝብሃል ዘይትካስ ነታ ሳጓላ ክትቀልዖ ኖቲ ‘ዞግጉበንብ’ ውሽጣዊ ትሕዝቶኣ ክትርእየ፡ ክትፈልጦን ‘ክትብልዖ’ን ምኽኣል’ዩ። ጃፓን፡ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ካብ ዘጋጠማ ውድቀት ተንሲኣ ናብ ደንበ ዝሃብተማ ሃገራት ንኽትጽንበር ኣብ ዘዕደደቶ ጕዕዞ ቁጠባዊ ልምዓት፡ ምህንድስና ዓቢ ተራ ከም ዝነበሮ ይግለጽ። ብኣድህቦ ካብ ዝተሰርሓሉ መዳይ ድማ ብእታው ዝመጸ ወጽኢት ተክኖሎጂ ንምፍላጡን ንምምላኹን ‘ፈቲሕካ ምግጣም’ (reverse engineering) ምንባሩ ይፍለጥ። ምፍታሕን ምግጣምን ንውሽጣዊ ኣካላት ማሽንን ኣሰራርሓኡን ብግብሪ ንኽትፈልጥን እሱር ክልሰሓሳባዊ ፍልጠት ካብ ምዃን ሓራ ዝገብርን እዩ። እዚ ኣገባብ፡ ጃፓናውያን መሃንድሳት ንኢቃውማን ኣሰራርሓን ብእታው ዝመጸ ማሽን ክርድኡ፡ ኣብ ኣጠቓቕመኡን ምልከት ከጥርዩ፡ ንምፍራዩን ተበግሶ ክወስዱን ድርኺት ዝፈጠረ ምዃኑ ይምልከት።

ነዚ ሜላ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ማእከላት ትምህርቲ ሃገርና ልሙድ ንጥፈት ከም ዝኾነ ብምግባር ተማሃሮ ርጡብ ፍልጠትን ግብራዊ ክእለትን ሒዞም ንኽወጹ ዘኽእል’ዩ። ሓፈሻዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ንዝፈረየ ተክኖሎጂ ምስ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ብዝሰማማዕ መገዲ ንምምሕያሹን ናይ ምፍራዩ ተበግሶ ንምውሳድን ዝድርኽ’ዩ። ተመሪቖም ዝቑጸሩ ስራሕ ዘናድዩ ክንዲ ዝኾኑ ዋኒን ብምቛም ሸቕለት ዝፈጥሩ ክኾኑ ዘኽእል’ዩ። ተማሃሮ፡ ነዚ ብራብዓይ ወለዶ ዝግለጽ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝበቕዕ ቁመና ክህልዎም እንተኾይኑ ኣተኩሮ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ትሕዝቶ (content) ክንዲ ዝኾነ ኣብ ግብራዊ ንጥፈታትን ፈጠራውነትን ክኸውን ከም ዝግባእ ንድልውነት ሃገራት ንራብዓይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣመልኪቱ ዝተኻየደ መጽናዕቲ የመልክት።

ኣብቲ ምርኢት ዝቐረበ ፕሮጀክታት ከምኡ’ውን ንኣሰራርሓ ምህንድስናዊ ኣምራትን መስርሓትን ዝገልጽ ሞዴላት መስረት ብምግባር ተማሃሮ ተጨባጢ ፍልጠትን ክእለትን ንኽውንኑ በቲ ኮሌጅ ዝግበር ዘሎ ስራሕ ዘመልክት’ዩ። ነዚ ዕማም ኣብ ምስልሳል ዘለዉ ኩሎም ኣካላት ናይታ ኮሌጅ ድማ ኣድናቖት ይግብኦም። ክንጽ’ዚ ደረጃ ናይ ምስጓም ንዘሎ ንጹር ባህጊ ክውን ንምግባር፡ እቲ ጕዕዞ ቀሊል ብዘይምዃኑ ጸዕሪ በየንኻ ዘይዕመም ብምዃኑ ከኣ ብሓባር ናይ ምስራሕ ባህሊ ኣድላይነቱ ርእሰግለጽ’ዩ። እቲ ዓመት-ዓመት ብተማሃሮ ዝቐርብ ፕሮጀክታት ዘድሊ ምመያን ደገፍን ተገይሩሉ ኣብ ዝቐደድ ዘሎ ናይ ልምዓት መደባት ኣበርክቶ ናብ ዝህልዎ ፍርያት ዝምዕበለሉ፡ ዝርግሐ ዝረኽበሉን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሉን ኣገባብ ክውደንን ክጅመርን ከኣ የድሊ። ነዚ ዘኽእል ስርዓተ-ማሕደሮ (ecosystem) ምቛምን ብንጥፈት ከም ዝጸዱ ምግባርን ከኣ ኣገዳሲ ነጥቡመቐየሮ እዩ።

ስርዓተ-ማሕደሮ ምህዞን ምሕደሳን ዝተፈላለየ መሻርኽቲ ኣካላት ከም ኣካላት መንግስቲ፡ ኣካዳምያ፡ ትካላት፡ ዲያስፖራ፡ ተመራመርቲ ወዘተ. ኣብ ምምዕባልን ምርዓምን ምህዞኣውን ምሕደሳውን ሓሳብ፡ ተክኖሎጂ፡ ዝተፈላለየ ፍታሓትን ፍርያትን ንምትብባዕን ምቅልጣፍን ብሓባር ዝሰርሓሉ ደጋፊ መድረኽ’ዩ። እዚ መድረኽ፡ ኣብ ምትብባዕ ምህዞን ምሕደሳን ሓብራዊ ዕዮን ቁጠባዊ ዕብየትን ወሳኒ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኮሌጃት ዘለወን ጸጋ ዘዕብያሉ፡ ዝሓጸረን ጸጋ ድማ ካብ ካልኦት ኣካላት ዝረኽባሉ መድረኽ ምትሕብባር ዝፈጥር ብምዃኑ ክድፋኣሉ ኣገዳሲ እዩ።



# መስመርና ድርዕና!

## ዝኽሪ ግንቦት

## ዛዛሚ ግጥማት ሓርነታዊ ኲናት (1990 -1991)

(3ይ ክፋል)

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምቁጽጻር ኣብ ለካቲት 1990 ዝፈጸሞ ስርሒት "ፈንቅል"፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣስታት 150,000 ዝኸውን ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት (ሁ.ኣሰ) ብምልኡ ኣብ ከበባ ዘእተወ፡ ብኣኻልባዳ መዋስቱ ሃይለማርያም፡ "ኽርሮ ምሕናቕ" እዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት፡ ደርጊ ብቐጸበት ኣብ ግንባር ከረን ዝተፈላለየ ከበቢታት ኤርትራን ኣሰሊፉዎ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ ብምምጻእ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ዝፈጸሞ ማስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ከፊቱ ካብ ከበባ ንምድሓን ኣብቲ ሓደሽ ግንባር ግንዳዕ ሓያልን ተደጋጋሚን መጥቃዕቲታት ክፍኑ ጀመረ።

የጉዳስ ክሳብ'ቲ ምጽዋዕ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቀጽጻር ህዝባዊ ሰራዊት ዝኣተወትሉ 16 ለካቲት 1990፡ ጸላኢ፡ ብሸነኽ ደንገሎን ሰሜናዊ ባሕሪን ዝፈተኖ መጥቃዕቲታት፡ ሰንበደን ተርበጸን ዝደረኾ ዕወር ውግእ'ዩ ዝነበረ። ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ከበቅዕ ደሞ፡ ክሰልጦ ኣይከኣለን። እዚ መጥቃዕቲታት'ዚ ተሰፋ ምስ ስኣነ፡ ደርግ ሃዲኡን ኣስተወዒሉን ብዘዘጸነዐ መገዲ፡ ወጥን ኣወጺኡ ክሰርሕ ወሰነ። ስለዚ ደሞ፡ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክልተ ክፍሊጦራት (17ን 15ን) ከምኡ'ውን 'ስፓርታኪያደ' ዝተሰምዩ 6 ፍሉያት ኮማንዶ ብርጌዳት፡ ብፈረቲ ናብ ኤርትራ ኣምጺኦም።

ጸላኢ ሰራዊት ኣብ ምድራብ እናሃለወ፡ ብ22 ለካቲት፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንስትራተጂያዊ ጎቦ ደብረብዘን ተቖጻጺሩ፡ ጸርጊያ እምባትካላ ብምብታኽ ነቲ ኣብ ግንዳዕ ዝነበረ ዝኸፍ ሓይሊ ጸላኢ ቀረጹ ከትርፎ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ናብ እምባትካላ ኣብ ዘዐምሞ ቦታታት ክበጽሓኒ እንተኽኣሉ ጸላኢ ኣብ በዘን ብዙሕ ሓይሊ ደረቡ ብምጽንሑ ነቲ ገዚኢ እምባ ደብረብዘን ክቖጻጸራኦ ኣይከኣላን። በዚ ድሙ ህዝባዊ ሰራዊት ካብቲ በጺሑዎ ዝነበረ ቦታታት፡ ናብ ደንገሎ ክንሳሕብ ተገደደ።

ድሕሪዚ ዘይዕወት ፈተኑ ጸላኢ ነቲ ኩነታት ብምግምጋዝ ቅልጡፍ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ካብ በዘን ንሸነኽ በዓረዙዓዲርቶ ወሪዱ፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከብ ስትራተጂያዊ ጎቦ ከብ ተቖጻጸረ። ምትሓዛ ከቡ ኣብ ማስመር ምክልኻል ህዝባዊ ሰራዊት ክስዕ ዝኽእል ጸገማት ቀሊል ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ካብዚ ስትራተጂያዊ ቦታ'ዚ ንምልቃቕ ብ25 ለካቲት 1990 ብርቱዕ መጥቃዕቲ ኣካይዱ ንከብ ደጊሙ ተቖጻጸሮ። ኣብቲ ዝቐጸለ መዓልታት፡ ጸላኢ ናብዚ ስትራተጂያዊ ቦታ ንምምላስ ተደጋጋሚ ፈተነታት እኳ እንተኻየደ ክዕወት ኣይከኣለን።

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ገዚኢ ቦታ ተቖጻጺሩ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ንምዕራድ ዝገበሮ ፈተነ ብዙሕ ለውጢ ስለዘምጽኤ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ክሕዞ ዝኽእል ቦታታት ዕርድታቱ ኣደልዲሉ፡ ነቲ ዝስዕብ መጥቃዕቲታት ጸላኢ ክምክት'ዩ ወሰነ። ድሕሪኡ ዝሰዓበ ውግኣት ደሞ ኩሉ ናይ ጸላኢ ወፍርታት ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ብወገኑ እቲ ዝተኻበ ሰራዊት ምስ ማእከል ኢትዮጵያ ዝራኸበሉ ዝነበረ እኹ ማስመር ንምብትታኽ፡ ካብ ፈለማ መጋቢት 1990 ጀሚሩ፡ ብክልተ ኣንፈት፡ ማለት ካብ ከባቢ ማይውዑይን ዓዲርሶን ኣብ ልዕሊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ብ130 ሚሜ መዳፍዕ ብቐጻሊ ደብዳብ ክካይድ ጀመረ።

ደርጊ ግንባር ግንዳዕ ንምፍራስ፡ ካብ 01 መጋቢት ክሳብ 11 ግንቦት 1990፡ ብሸነኽ ዓዲርሶ፡ ደንገሎን ሰሜናዊ ባሕርን፡ ብዘዘጸነዐ መገዲ፡ ውጥናት መጥቃዕቲ እናሓንጸጸ፡ ዝተፈላለየ ኣሶማት ዘጠመቖም ብጸዑቕ ደብዳብ መዳፍዕን ነፈርቲን ዝተሰነዩ 7 ዓበይቲ ወፍርታት'ዩ ኣካይዱ። ኣብ ናይ ሸውዓተ ሰሙናት ሰፈሩ ከምዝሓለፈ ኣብዚ ውግኣት'ዚ መዓልታዊ ኣስታት 5000 ቦምባታት ኩሉ ዓይነት መዳፍዕ (130፡ 122፡ 85፡ 76 ሚ.ሚ. በኣም 24፡21) ከምኡ'ውን ልዕሊ 10,000 ቦምባታት ሞርታት ናብ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ይትኮስ ነበረ። ነዚ ወፍርታት'ዚ ኣብ ምምካት፡ ኣስታት 3000 ተጋደልቲ እዮም ተሰዊኦም። ኣብቲ ምጽዋዕ ንምሓዝን ረዳት ጸላኢ ኣብ ደንገሎን ሰሜናዊ ባሕርን ንምሕናቑን ዝተፈጸመ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ዝተሰውኡ ተጋደልቲ 1100 ምንባርም ኣብ ግምት ምስትእቱ፡ ኣብ ምርብራብ ግንባር ግንዳዕ ዝተኸፍለ ዋጋ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ንምርዳእ ኣየጸግምን።

**ሸውዓተ ጠቐላሊ ሰታፍ ወተሃደራዊ ስርሒታት ህ.ግ. ዝነበረ ተጋዳላይ ስቡሓት ኤፍሬም፡ ጸላኢ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ዘካየዶ ዝነበረ ወፍርታት ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል፤**

"ዕላማ ናይቲ ጸላኢ ብግንባር ግንዳዕ ዘካየዶ ዝነበረ ዓበይቲ ወፍርታት፡ ንምጽዋዕ ደጊምካ ምቁጽጻር ጥራይ ኣይነበረን። ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ነዚ ወፍራታት'ዚ ክሕንጽጹ እንከለዉ፡ ዕላማኦም ንግንባር ግንዳዕ ኣፍሪሶካ ናብ ጋሕቴላይ ድሕሪ ምውራድ፡ ጸርጊያ ዓዲ-ዕላ ተኸቲልካ ንሶሮቤን ብምሕላፍ ብወገን ሮራ መንሳዕን ብባሕሪን ተወሳኺ ጸቕጢ ፈጢርካ ንሰራዊት ህ.ግ. ካብቲ ጎላጉል ከምዝዐወጽእ ገይርካ ምሕናቕ'ዩ ነይሩ። ኣብ ባርንቱ ዝተጠቕምሉ ስልቲ ከድግሙ እዮም ሓሲቦም። 'ሻዕብያ ኣብ ማሕንቖ'ዩ ኣትዩ ዘሎ። ካብዚእ ሳሕል ክንመልሶ ኣለና' እዮም ዝበሉ ነይሮም። በዚ ምኽንያት እቲ ወፍርታት፡ ብዝበዝሐ ዘስለፎ ሰራዊት ኮነ ኣጸዋር ከቢድ'ዩ ነይሩ። ተጋዳላይ ግን ድልዱል ዕርዲ ኣብ ዘይብሉ፡ ጸላኢ ኣብ ዝቖጻጸሮ ዘይምቹእ ቦታ ኮይኑ፡ መግዛእ ክትረኽበሉ ዘይትኽእል ደብዳብ ተጻዊሩ፡ ብልዑል ጅግንነት ነዚ ዝሕፍ ወፍርታት'ዚ ኣምኪንዎ።" ('ፈንቅል' ቅጺ 3 ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ)

እቲ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ስርዓት ደርግ ዘካየዶ ብዙሕ ወፍርታት፡ ኣብ ጸቢብ ቦታ ዝተኻየደ ይኹን እምበር፡ ግዝፉን ህንዳይኡን ጠቅለ ኣይነበሮን። ቀጺሉ ኣሶማት ናይቲ ወፍርታትን ኣገዳሲ ታትን ወጽኢቱን ክቐርብ እዩ። "ዘመቻ" ናይ ኣምሓርኛ ቃል ኮይኑ ትርጉሙ "ወፍሪ" ማለት'ዩ።

**"ዘመቻ ምጽዋዕ"**

ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርጊ ግንባር ግንዳዕ ንምስባር፡ ፈለማ "ዘመቻ ምጽዋዕ" ዝሰመዮዎ ወፍሪ እዮም፡ ካብ 01-03 መጋቢት 1990 ኣካይዶም። እዚ ወፍሪዚ፡ ብሞጎናይን ጁጋማይን ክንፊ ግንባር ግንዳዕ ከምኡ'ውን ብሰሜናዊ-ባሕሪ ዝተፈነወ ማጠ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ብብርቱዕ ደብዳብ መዳፍዕ ታንክታትን ነፈርቲን ዝተሰነየ ነበረ።

ወጋሕታ 01 መጋቢት 1990፡ ሰዓት 6፡00፡ ጸላኢ ኣብ ብምሉኡ'ቲ ግንባር ጸዑቕ ደብደብ ከቢድ ብረት ድሕሪ ምኻይድ፡ ብወገን ሰሜናዊ-ባሕሪ ንመባል 15 ክፍሉ-ጦር (ክፍሉሰራዊት) ኣሰሊፉ፡ ረፋድ፡ ንግራት-ኣውሊዕን ምትካል-ደኲንን ኣጥቂዑ። ፈለማ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዓሪደን ዝነበራ ኣሃዱታት ክፍላተ-ሰራዊት 61ን 85ን ኮይነን ጸላኢ ብሰሜናዊ-ባሕሪ ከጥቅዕ ምኻኑ ምስ ተፈልጠ ግን ብርጌድ 98 ናይ ክፍሉሰራዊት 96 ብ26 ለካቲት ካብ ጁጋማይ ግንባር ግንዳዕ ወሪዱ ኣብቲ ከባቢ ከም ትጸንሕ ተገይሩ ነበረ። ኣብቲ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ መጥቃዕቲ ኣሃዱታት ክፍላተ-ሰራዊት 85ን 96ን ንመጥቃዕቲ ጸላኢ ከምኪታ ወዓሉ። ብሸነኽ ክፍሉሰራዊት 61 ዘጥቅዐ ተመላሊሰን ደብደቡ።

ንጽባሒቱ ጸላኢ ብወገን ሰሜናዊ-ባሕሪ ካብቲ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ኣንፈት ንጺጋም ክሳብ "ርእሲ-ሓርማዝ" ዝተባህለ ከባቢ ብምዝፋሕ መጥቃዕቱ ቀጸለ። ኣብዚ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ውግኡ ናይ ክፍሉሰራዊት 85 ሓንቲ ቦጦሎኒ ብዝበዝሐ መውጋእትን ማሰዋእትን ሓይላ ስለዝተጓደለ እቲ ቦታ ብብርጌድ 98 ናይ ክፍሉሰራዊት 96 ከምዝሽፈን ተገብረ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ብጸላኢ ዝተፈነወ መጥቃዕቲ'ውን እንተኾነ ፈሺሉ ተረፈ።



ጸላኢ ደሞ፡ ናብቲ ክሕዞ ዝቐለ ቦታታት ከይበጽሐ ተጻፊዑ ተመልሰ። ይኹን'ምበር፡ ንቀጻሊ መጥቃዕቲ ማጠሲ ዝኾኖ ቦታታት ሒዙ ኣዘቢቡ ሓደረ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ብመንተብለን ስለሙናን ዝተንቀሳቐሰ መባል 10ይ ክፍሉጦር ጸላኢ'ውን ብኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ተወቒዑ ተመልሰ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ጁጋማይ ክንፊ ግንባር ግንዳዕ ጸላኢ ንክፍሉጦር 19 ኣሰሊፉ፡ ሰዓት 7፡45 ሓያል መጥቃዕቲ ከፈተ። ኣቐዲማ ዝኣተወት ብርጌድ ናይ ጸላኢ፡ ሹቶኣ ክትሃርም ስለዝይከኣለት ካልእ ብርጌድ ተደራቢታ ውግእ ቀጸለ። ህዝባዊ ሰራዊት ጸገዑ ስለዝተማከተ ግን ንድሕሪት ተመልሰ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ናይ ምክልኻል ውግኡ፡ መጥቃዕቲ ጸላኢ ኣብ ምምካት ከይተሓጸሩ፡ ጸላኢ ንገዚእ ርእሱ ኣብ ምክልኻል ንኽጽመድ ዘገደዶ ጸረ-መጥቃዕቲ እናፈጸማ እየን ግስጋስ ጸላኢ ዓጊተንኦ።

ኣብዚ ቀዳማይ መዓልቲ፡ ግመን ዒፍዒፍታን ስለዝነበረ፡ ጸላኢ ከምቲ ዝወጠኖ ጸዑቕ ደብዳብ ነፈርቲ ኣይተጠቐመን። ግመ ኣብ ዘኸፍተሉ ዝነበረ እዋን ግን ነፈርቲ ንሰራዊትን ዓ.ዒ. ደገፍ ይገብራሉ ነበራ። ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ናይዚ ወፍሪዚ፡ ነፈርቲ ውግኡ ኣብ ከባቢ በዓረዛ ንመካኸሊ ማስመር ህዝባዊ ሰራዊት ሸሞንተ ግዜ ተመላሊሰን ደብደባኡ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ጸረ-ነፈርቲ ህዝባዊ ግንባር ንምዕናው'ውን ብዙሕ ግዜ

ኣብዚ ካልኣይ መዓልቲ እቲ ግንባር ብጽሞ ተዓፊኑ'ኳ እንተነበረ፡ ቀትሪ ከባቢ ሰዓት 1፡00 ግመ ስለዝኸፈተ፡ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ደብዳብ ንምኻያድ ደበኽ በላ። እንተኾነ ብኡ ንብኡ ሓንቲ ካብዘን ነፈርቲ፡ ሚግ-23 ቁ.1302 ብኣሃዱታት ጸረ-ነፈርቲ ህዝባዊ ሰራዊት ተወቕዐት። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ክብጽሓ ከለዋ፡ ኣብራሪ ናይታ ተወቒዓ ትነድድ ዝነበረት ነፋሪት ሌትናንት ኩሉኔል ክንፉ ሃብተወልድ ዘለሉ ክድሕን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ፡ እታ ኮሎኔል ጥላሁን ቦጋለ ዝመርሓ ዝነበረ ካልኣይቲ ሚግ-23 ቁ.2294 ምስታ እናነደደት ብዘይ መራሒ ኣብ ሰማይ ዕንክሊል ትብል ዝነበረት ነፋሪት ተጋጪወት'ሞ፡ ንክሉን ነፋሪቱን ኣብ ከባቢ ጸሎት ተኸስኪሶም ወደቑ።

ኣብ ግጥም 2 መጋቢት፡ ነቲ ብሸነኽ ሰሜናዊ ባሕሪ ዘጥቅዕ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ንምግንዳብ ከምኡ'ውን ንመዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ወጽኢታዊ ርሕቀት ተኸሲ መዳፍዕ ንምእታው ዘኽእል ቦታ ንምብጻሕ፡ ብጁጋማይ ግንባር ከባቢ ዓዲርሶ ክፍሉ-ሰራዊት 88፡ ሓያል መጥቃዕቲ ፈንዩ ኣገደስቲ ቦታታት ተቖጻጸረ። ኣብዚ ከባቢ'ዚ ደማ ብክልቲኡ ወገን ክሳብ 5 መጋቢት፡ ብመጥቃዕቲን ጸረ-መጥቃዕቲን ርሱን ግጥም ቀጸለ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ፡ ጸላኢ ከቢድ መጥቃዕቲ ፈንዩ፡ ብዝተፈላለየ ሸነኻት ሓያሎ ቦታታት ክቆጻጸር ክኢሉ ነበረ። እዚ ጸዕቂ ደብዳብ ሞርታራትን መዳፍዕን ጉልበብ ገይሩ ናብ ስትራተጂያዊ ቦታታት ዝተጸግዐ ሓይሊ ጸላኢ፡ ቀልጢፉ ክጽርግ ስለዝነበሮ ኩሉ ከለን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብብሸነኸን ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው ደፊኦን መለሰኦ። ኣብቲ ሳልስቲ'ቲ ከም መናውራ ናይቲ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ዝተኻየደ ዝነበረ ውግእ ኣብ ግንባር ከረን ብክልቲኡ ወገን ምልውዋጥ ተኸሲ ከቢድ ብረት ይካየድ ነበረ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ከባቢ ዓረዛ ሰዩቶን ደቀሽግግን እውን ንኣሽቱ ረጽምታት ነበረ።

ምስዚ "ዘመቻ ምጽዋዕ" ዝተሰምየ ወፍሪዚ ብዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ጁጋማይ ግንባር ግንዳዕ እውን ኣብ ከባቢ ከብ ክፍሊጦራት 19ን 17ን እናተቐያየሩ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት የካይዱ ነበሩ። ስትራተጂያዊ ጎቦ ከቡ ብ25 ለካቲት'ዩ ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ጸላኢ ዝኣተወ። ግስጋስ ጸላኢ ንምዕጋትን ከብ ደጊምካ ንምቁጽጻርን ከኣ ክሳብ 10 መጋቢት ዝዕዳ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ መሪር ውግእ ተኻየደ። ድሕሪዚ ጸላኢ ከቢድ ክሳራታት ወሪድዎ መጥቃዕቲታቱ ክዘሕል ምስ ጀመረ ክፍሉሰራዊት 70ን ሓደ ብርጌድ ክፍሉሰራዊት 96ን (ብርጌድ 91) ከብ ንምቁጽጻር ጸረ-መጥቃዕቲ ፈነወ። እቲ መጥቃዕቲ ኣቐዲሙ ብ8 መጋቢት ክካየድ'ኳ ተመዲቡ እንተነበረ ክሳብ ዕለት 10 ከየቋረጸ ዝፍንብ ይዘንብ ስለዝነበረን መሬት ብጣዕሚ ስለዝተሸፈነን ክትግበር ኣይከኣለን። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ግመ ዝቐንጠጠሉ እዋናት፡ ሞርታራቱን መዳፍዓቱን ኣብ ዒላማታት ጸላኢ ንምእሳር ክጥቀመሉ እንከሎ፡ ጸላኢ ብወገኑ ኣብ ምክልኻል ኣድሂቡ ደፋዕ ኣብ ምስራሕን ነተጉቲ ኣብ ምቕባርን ይጸዲ ነበረ። 11 መጋቢት ወጋሕታ ግመ ስለዝኸፈተ፡ ሰዓት 6፡00 ንግሆ ተጋደልቲ ብጸዑቕ ደብዳብ ሞርታራትን ረሻሻትን ተሰንዮም፡ ብቐጸበት መጥቃዕቲ ጀመሩ። እቲ ደሮ ሹቶኡ ኣሰሩ ዝነበረ ሞርታራትን መዳፍዓትን ኣብቲ ውግእ ዝለዓለ ተራ እዩ ተጻዊቱ። ነዚ ዘረጋገጹ ተጋደልቲ ንክብ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ኣብቲ ቦታ ዝጸንሐ ዘሸንበድ ብዝሒ ምዉታት ወተሃደራት ጸላኢ እዩ።

እዚ ስትራተጂያዊ ቦታ'ዚ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ምእታዉ፡ ኣብ መላእ'ቲ ግንባር ክፈጥሮ ዝኽእል ለውጢ ዝተረድኦ ጸላኢ፡ ደጊሙ ንምቁጽጻሩ፡ ንጽባሒቱ 12 መጋቢት ንክፍሊጦር 19 ኣሰሊፉ ሓያል ፈተነ ክገብር ወዓለ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዘጋጥመን ዝነበረ ብዙሕ ክሳራ ተጻዊረን ተሪረን ስለዝመከታ ግን እቲ ፈተነ ክዕወት ኣይከኣለን። ውግእ ከቡ ዘይጽወር ስለዝነበረ፡ ወተሃደራት ጸላኢ ብብዝሒ፡ ንክቡም ባሕሪም እናወግኡ ካብቲ ውግእ ይንእዩ ከምዝነበሩ ናይ ሸውዓት ጸላኢ ይሕብሩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ ከለን ኣሃዱታት ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ዝርኣኺ እንተነበረ ኣብቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጸ ክፍሊጦር 17ን ሚሊሻ ሰራዊትን ግን ኣዝዩ ግሁን ከምዝነበረ ኣብ ሰነዳት ጸላኢ ተጠቒሱ ኣሎ።

ብኣጠቓላሊ፡ ግንባር ግንዳዕ ንምስባር፡ ብሰሜናዊ ባሕሪ ብመንተብለን ስለሙናን፡ ብጁጋማይ ክንፊ ከባቢ ከቡ፡ ብሞጎናይ ክንፊ ከባቢ ርእሲዓዲ ዝተኻየደ ቀዳማይ ማጠ ሰፊሕ "ዘመቻ ምጽዋዕ"፡ ክፍሊጦራትን ተደራቢቲ ኮማንዶ ብርጌዳትን ጸላኢ እናተበራረዩ፡ ኣሃዱታት ከቢድ ብረትን ነፈርቲ ውግእን ልዑል ደገፍ እናገበሩ ሓያል ፈተነ እኳ እንተኻየዱ፡ ጸላኢ ዝወጠኖ ሸቶታት ከይሃረመ ፈሺሉ ተረፈ። በዚ ፍሸለት'ዚ ግን ደርግ ኣይተዓገሰን።

ይቕጽል . . .

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# “እቲ ኵሚ ዘንብብ’ዩ፡ ጽባሕ መራሒ ዝኾውን”

ዳዊት ተኽሉም

ዓርቢ መዓልቲ እዩ። ሰንጠቕቲ ጩራታት ጸሓይ ምስሎም ኣብ ባሕሪ ተፈኦሞ ዝፈጠርዎ ነጸብራቕ ኣዒንቲ ይደጉሕ፤ ድምቕቲ ጸሓይ እታ ዕለት ኣብ ላዕላይ ሰማይ ተኾይጣ፡ ኑቲ ከም ዝጸገበ ማሕስእ ዝሰራሰር ዝነበረ ቀይሕ-ባሕሪ ፍሉይ ሞገስ ሂባቶ ነበረት። ጸርጊ ጸሓይ ኣብቲ ሃሳስ ሰመያዊ ሕብሪ ሰትዩ፡ ሓቒቕ ማይ ዝመሰለ ባሕሪ ብምልኣት ምስ ዓለበ፡ ሓሓሊፉ ከም ኣልማዝ ዘንጸባርቕ ትርኢት ነበሮ።

ንገማግም ባሕሪ ተጕዝጒዙ ኣብ ዝተደኮነ ብዓል ኣርባዕተ ደርቢ ህንጻ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል እቲ ቤት ጽሕፈት፡ ድቪዛ ዝተኸድኑ ብርክት ዝበሉ ተማሃሮን ዝተፈላለዩ መንእሰያትን ወለድን ነበርቲ ከተማ ምጽዋዕ ብብዝሒ ተውዛሕዛሕ ክብሉ ይረኣዩ። መኽፈቲ ቅነ-መጽሓፍቲ ኣሎ ተባሂሉ ሓበሬታ ዝበጽሖም ዕዱማት እዮም። ብሃማመተኤ እናተወደበ ዝካየድ ዝነበረ ምርኢት መጽሓፍቲ (Book fair) ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ደው ካብ ዝብል ነዊሕ ምስ ምግባሩ፡ ህንጥዩነቶም ኣብ ገጾም ይንበብ ነበረ።

መጽሓፍ ሓንሳብ ዘይኮነ ደጊምካ ደጋጊምካ ዝግንጸል ክቡር ህያብ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰብነት መብራህቲ ዝውልዕ ኣቕሓ እዩ። መጽሓፍ ኣብ ጁባኻ እትማልኦ ፍርያም ጀርዲን እዩ። ንእሽቶ ንባብ፡ ንኹሉ ሰብ ዘድልዮ ዕለታዊ ፈውሲ እዩ።

ንባብ ካብቲ ብዙሕ ጥቕምታቱ፡ ኣብ ኣእምሮናን ጥዕናናን ብዛዕባ ዘለዎ እወንታዊ ጽልዋን ረብሓን፡ ኣብ ስርዓተ-ርክብ ክፋላት ሓንጎል፡ ኣብ ዓቕሚ ቅልጡፍ ምርዳእን ብልሕን፡ ምንቕቓሕ ኣእምሮን ምዝናይን፡ ኣብ ምኽዕባት ፍልጠትን ርእሰ-ተኣማንነትን፡ ምስ ግዜን ምዕባለታትን ሰጓሚ ኣብ ምዃን፡ ናይ ምዝካርን ምድሃብን፡ ተመራማርን ተንታንን ልዑል ናይ ምግማትን ምትንባይን ዓቕሚ፡ ናይ ቃላትን ቅዲ-ኣጸሓሕፋን ግምጃ ምህብታም፡ ናይ ምግላጽ ክህሎት፡ ኣብ ፈጠራን መሃዝነትን ጸገማት ብቐሊሉ ናይ



ምፍታሕ ክእለትን፡ ኣብ ምምዕባል ሜላ መንብሮ ዘለዎ ዕዙዝ ኣገዳስነት፤ ጥቕሚ ንባብ ንምፍላጥ ብዙሕ መጽናዕትታት ዝካየዱ ተመራመርቲ ኩሎም ዝሰማምዕሉ ሓቂ እዩ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ እምበኣር፡ ብመሰረት ተልእኾኡ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ብንቕሓትን ተወፋይነትን ብሓላፍነት ዝሳተፍ ሓያል መንእሰይ ንምህናጽ፣ “ብኹለንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ” ምህናጽ ዝብል መሪሕ ራእይ እናተኸተለ፣ ነዚ ብግብሪ ንምርግጋጽ ዝተፈላለዩ ናብ መላእ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ኣብ መንእሰያትን ተማሃሮን ከኣ ብፍላይ ኣተኲሩ ዕማማቱ የሰላስል። ማሕበር ተልእኾኡ ክዉን ንክኸውን “ብኹለንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ” ኣብ ምህናጽ ብዓይነት ኮነ ብብዝሒ ዝተፈላለዩ ስርሓት የካይድ ኣሎ።

ብኹለንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምህናጽ ካብ ዘድልዩ ዓበይቲ መደባት ሓደ፡ ምህናጽ “ባህሊ ንባብ” እዩ። ባህሊ-ንባብ ኣብ መንእሰያት ኤርትራ ምህናጽ ኑቲ ዝዓበየ ክብጻሕ ዝድለ ዕላማ ኣብ ምርግጋጽ መሰረታዊ እዩ። ባህሊ-ንባብ ዘይብሉ መንእሰይ ብኹለንትናኡ ብቑዕ’ዩ ንምባል ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ምንባብ ማለት ተግባር እዩ። እቲ ሎሚ ዘንብብ እዩ - ጽባሕ መራሒ ዝኾውን። ንባብ ዘቋረጸ ሰብ፡ ከም ዝነጸፈ ዛራ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ሃማመተኤ ምርኢት መጽሓፍቲ ካብ ዝጀመረሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ከከባቢኡ ዝተፈላለዩ መደባት እናኣካየደ ኣብ ምዕዋት እቲ ዕማም ልዑል ኣበርክቶ ክገብር ጸኒሑ እዩ።

ናይ’ዞም በብእዋኑ ክካየዱ ዝጸንሑ መደባት መቐጸልታ ድማ ሃማመተኤ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ፡ “ንባብ መሰረት ንቕሓትን ስልጣነን ሕብረተሰብ” ብዝብል ቴማ፡ ቅነ-ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ንመንእሰያትን ተመሃሮን ክፉት ገይርዎ ቀንዩ።

ኣብ ዕለት 02 ግንቦት 2025፡ ከባቢ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ-ቀትሪ፡ ኣብ ዝተኻየደ መኽፈቲ መደብ፡ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምበባ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ፦

ምስጢር ብልጽግና ናይ ወዲ-ሰብ
እቲ ዘይርአ መኽሰብ
ካልእ ኣይኮነን እቲ ብልሓት
ምንባብ እዩ ምንባብ ምንባብ
ኣብዛ ተሓምባቢት ጎያይት
ዓለመይ
ድሕሪት ከይተረፍና ንኽንብል
ሰለይ
ነንብብ ደኣ ኣእምሮና ነበራብሮ
ነንብብ ነንብብ ንባብ’ዩ ንሰብ ሰብ
ዝገብሮ

እናበሉ መጋረጃ እቲ ቅነ-መጽሓፍቲ ቀንጢጦሞ።

ቀጺሉ፡ ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መንእሰይ ሱሌማን የሱፍ ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል፡ ካብ 2-4 ግንቦት 2025 ዝቐጽል ቅነ-ምርኢትን መሸጣ መጻሕፍትን፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተሰርዕን፡ ከም ኣካል ተሳታፍነት መንእሰያት ኣብ ቅንያት መዓልቲ ናጽነትና ንምዕዛዝ ዓሊሙ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝካየድ ዘሎ



ትምህርታዊ፡ ባህላዊ፡ ፈጠራውን ጥበባውን ውድድራት ዝሓቖፈ ቅነ-ውዳበታት ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ እዩ ድሕሪ ምባል፡ ኣብ’ዚ ዘለናዮ ዘመነ ተክኖሎጂን ሓበሬታን ከምቲ ብዘይ ማይ ምንባር ዘይክኣል፡ ምንባብ ንቑሕ ኣእምሮ ብምፍጣር፡ ክንመራመር፡ ክንበላሓት፡ ሓደሽቲ ሓሳባት ብምፍልፋል ንክውንነት ተረዲእና፣ ንዝገጥሙና ብድሆታት ክንፈትሕ ስለዝሕግዝ ምንባብ ካብ ምንባር ፈሊኻ ክትርእዩ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ፡ ባህሊ-ንባብ ንምትብባዕ ዝዓለመ ምዃኑ ጠቒሱ። ንባብ መሰረት ንቕሓትን ስልጣነን ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ስለዝኾነ ወፍርና ኣብ ምኹስኳስ ባህሊ ንባብ ከነሕይል ድማ ተላብዩ።

ካብኡ ብምቕጻል ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ብሓለፍቲ ክፍልን ጨናፍርን መንግስትን ግንባርን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን ዕዱማት ኣጋይሽን መንእሰያትን ተማሃሮን ወለድን ተሰንያ ብወግዒ ከፈታቶ።

ነዚ መደብ ምርኢት መጻሕፍቲ ንምዕዋት፡ ካብ ኣስመራ ደረስትን ሸየጥን ብምዕዳም፡ ኩሎም ተመሃሮ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝርከቡ ብመንገዲ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከም ዝሳተፍዎን ዝርእዎን ተገይሩ። ናብ ኩለን ትካላት መንግስቲ ሓበሬታ ተሰዲዱን፡ ህዝቢ’ውን ብመንገዲ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ኣካል ናይ’ዚ መደብ ኮይኑ ብጥርኑፍን ብጉጅለታትን ተመቓቒሎም ክሳተፍዎ ቀንዮም።

ኣብዚ ቅነ-መጽሓፍቲ ኣስታት 200 መጽሓፍቲ ንምርኢት ክቐረቡ ከለዉ፡ ልዕሊ 5000 ተዓዘብቲ ድማ ተሳቲፎሞ።

ኣብ ቅነ-መጽሓፍቲ ዝተሳተፉ መንእሰያትን ተመሃሮን ወለድን፡ እቲ መደብ ኣዝዩ ጸላውን ኣገዳስን ምንባሩ ብምግላጽ ቀጻልነቱ ክወሓስ ተማሕጺኖም።

ምንባብ፡ መሰረት እቲ ክትበጽሖ እትደሊ ሸቶ ብምዃኑ፡ መንእሰያት፤ ጽቡቕን ዝተፈላለየን መጻሕፍቲ ብምንባብ ሰፊሕን ናይ ምርዳእ ዓቕሚ ዘለዎን ኣእምሮ ንኽፈጥሩን፡ ንሕጉስን ምዕቡልን ህይወት ብቐጻሊ መጽሓፍቲ ነንብብ።

“ምንባብ ኣብ ኵሉ ዘመናት
ክትነብር ዘኽእለካ ጸጋ እዩ”



## ጥቕስታት መጽሓፍ

“መጽሓፍ መጋየጺ ኣይኮነን። ሓደ ካብ’ቶም መሰረታውያን ኣድለይቲ ነገራት እዩ።” Henry Ward Beecher

“ኣብ’ዚ እዋን’ዚ እቲ ዝበለጸ ዩኒቨርስቲ፣ እኩብ መጻሕፍቲ እዩ” The Hero as Man of Letters - Thamas Carlyle

“ንመጻሕፍትን ባንን እናሰዓምኩ’የ ዓብየ” Imaginary Homelands - Salman Rushdie

“ብዘይ መጻሕፍቲ ክነብር ኣይክእልን እየ” In a letter to John Adams - Thamas Jefferson

“ቀጺሊ መጻሕፍቲ ክተንብብ ኣሎካ። ግና ኸኣ ኣብ ሂወትካ እንተዘይተጠቒምካሉ መጽሓፍ ኮይኑ ከም ዝተርፍ ክትዝንግዕ የብልካን” Maxim Gorky

“ሰብ መዋታይ እዩ። ጽቡቕ መጽሓፍ ግና ንዘልኣለም ህያው ኮይኑ ይነብር” Don Vincente

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰዑዳ ዓብደላ ዓሊ፡ ኑረዲን መሓመድ ዐሰማን ስለዘዘሰወሉ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣልሃም መሓሙድ እሶማዒል፡ ተኸሳሲ ሓሰን መሓመድ ዓብደላ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሃብተ ተስፋማርያም ኣባዪ፡ ሓፍተይ ዛፈወርቂ ፍስሃ ተስፉ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 9 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲ ተተኪእቲ 2 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣብርሀት ፍስሃጽዮን ጉብረሚካኤል፡ ተኸሰስቲ 2.1 ብሩኽ ኣሰመሮም 2.2.ቅዱስ ኣሰመሮም፣ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ጸገሬዳ መንቐ 1.ኣዜብ ደብሳይ 2.ገርግሽ ደብሳይ 3.ኢልያስ ደብሳይ፣ ብኸሳሲት ወ/ሮ ወለሽ ደብሳይ ንስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ወ/ሮ ውዳሰ በርሀ ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ በራኺ ፍስሃጽዮን ተስፋገርጊስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ፊልሞን የማነ ኣሰገደ፡ ተኸሳሲ ዑቕባብርኣል በራኺ ባህታ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ቅዱሳን ገብረሂወት ደብሳይ፡ ብወኪላ ኣቢሉ፡ ብፍ/በ/ዕዳ መሓመድ ሓምዴ እድሪስ ንፈጻሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ናትናኤል ልባበ እምባዬ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓብዱ ኣሕመድ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ማና ካሕሳይ ተፈራ፡ ኣደይ ነ/ሄር ኣሰገደሽ ሃይለ ተስፋማርያም፡ ብህይወት ከለዋ ናይ ህያብ ውዕል ገይራትልና፣ ንሱ ከኣ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምም. 01 ብናይ ቀደም መጸወዲ ጎደና ጸጋይ ንገሰ ብናይ ሕጂ መጸወዲ ጎደና ድግሱ፡ ቁጽሪ ገዛ 23 ፕሎት 11 ፓርሰል ዞን A;G+1 ኣብ ኮምሸን ኣባይቲ ብቑጽሪ መዘዙብ 108391 መወከሲ ቁጽሪ 112192 ዋንነታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓይን ንሓፍተይ ጸገሬዳ ካሕሳይ ተፈረን ንብረትና ክኸውን ዝኣክዩ ኑዛዜ፡ ብውሳነ ክጸድቀልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኪኤ ሞገስ ክንፈ፡ ኣደይ ብርኽቲ ዘርያስ እሴት፡ ብህይወት እንከለ ብዕለት 09/08/2012 ናይ ህያብ ውዕል ገይራትለይ፡ 4 መሰናኽር ኣብ ዝተረኸበሉ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 15 ፓርሰል I ስፍሓት መሬት 380 ት/ሜ ብሰማ ዝተመዝገበ ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 57624 ጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ 94915 ብዕለት 29/1/2002 ዝተመዝገበ ሰለስተ መደቀሲ ክፍልታት ሓደ ሞንጎ ክልተ ዓይኒ ምድሪ ዝሓዘ ዋንነታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓይ ንብረተይ ክኸውን ዝኣክዩ ኑዛዜ፡ ብውሳኔ ይጸደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ዳንኤል ጉብረመድህን መተሓዥቴድሮስ ገብረመድህን መተሓዥ ወላዲና ዝበደረልና፡ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ፡ ኣብ ባንክ ኣባይትን ንግድን ኤርትራ ዘሎ ሕሳባት፡ ኣብ ኣሪቴል ዘሎ ብርኪ፡ ኣብ ሃገራዊ መድሕን ኤርትራ ዘሎ ብርኪ፡ ኣብ ናቕፋ ኮፖረሽን ዘሎ ብርኪ፣ ንብጽሒቶም ኣመልኪቶም ቃኤል ጉብረመድህን መተሓዥ ኣቤል ጉብረመድህን መተሓዥ ስለዝበደሩልና፡ ናብ ስምና ይመሓላለፈልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ይሕደጋ ፍስሃ ወልደጉብርኤል፡ ዓብይና ምላሽ ባህታ ይኩነም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ንኣዴና ነ/ሄር ለተኺዳን ተስፋማርያም ተኪእና 2 ደቂ ንሎ ንኣቦይ ነ/ሄር በረቓ ተስፋማርያም እምሃ ድማ ንኣቦሓጎኦም ተኪኦም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ሸማ ሓዚብማ 2.ኣቶ ኤፍሬም ጉብረያናስ ብፍ/በ/ማሳል ኣቶ ስብሃቱ ወልደማርያም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣካያዲ ስራሕ ሸማ ሓዚብማ ዝኾንካ ኣቶ ኤፍሬም ጉብረያናስ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብፍ/በ/ማሳል፡ ወረ/ፍ ሓሰን መሓመድኑር ወ/ሮ ዘይነብ ኢብራሂም መሳ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ኢብራሂም ሓሰን ቢያን ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ብርሃ ካሕሳይ ማለስ ወኪል ሰናይት ብርሃነ ኣደይ ኣለምሽ ጉብረማርያም ብሩ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ገኑ ተላ ኣብድ፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ ጉብረሂወት ሽፉ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ርግበ ጉብረሚካኤል 2.ወረስቲ ነ/ሄር ደብሳይ ተስፋጽዮን ልብሱ 2.1.ኣቶ ኣብርሃም ደብሳይ 2.2 ኣቶ ዳዊት ደብሳይ 2.3.ወ/ሮ ምሕረት ደብሳይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነ/ሄር ወ/ሮ ግደይ ወልደኪዳን ወ/ሮ ኣለን ምሕረትኣብ፡ ናይ ኣካራይን ተኻራይን ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ተሸመ ሰለሙን በርሀ፡ ተጸዋዕቲ 1.ዳኒኤል ተሸመ 2.ስታፋኒያ ተሸመ 3.ኣብሰሎም ተሸመ፡ ካብ 2009 ጀሚርኩም ካብ ሃገር ምስ ወጹ ደሃይ ስለዘይብሎም፡ ጥፉኣት ተባሂሉ ይወሰኑለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኤደን ተኽለ ሃብቶም ብፍ/በ/ማሳል ዓብደላ ዓብደልቃድር ሰዒድ፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

መሓሪ በርሀ በራኺ፡ ኣደይ ኩላወርቂ ወልደሰላሴ ጊላጋብር ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒት ወ/ሮ ኤደን ክብረኣብ ቦኽረ፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ጸገሮማን ጎይትኦም ጋብር ናይ ወሀብቶ ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ሰናዶስ ገርግሹ፡ ኣደይ መብራት ኣብርሃም ባይሩ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብስም ኣንጦንዮን ተኽለ ጊላይ +5 ኣብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 8,189 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM018271 ብስምና ካብ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ፕሎት 127 ቁ.ፓርሰል ASP00000863 ፓርሰል I ከባቢ ዚፕ ኮድ ኣርባዕተ ኣስመራ 1A131ጎደና 132-14 ቁ.ገዛ 57 ዝርከብ፡ ብመለለይ ገዛ ASD00002016 ዝፍለጥ ገዛ ኑቲ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ብጽሒተይ ንኣባ የናስ ጉብረእግዚኣብሄር ብህያብ ስለዝሃብኩዎ'ሞ ናብ ስሙ ክመሓላለፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ጉብርህይወት ብርሃ ተኽለ

ኣመልካቲ ኣነ ሃብተ ተወልደ ኣድጎይ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ንኡስ ዞባ ጸጸራት ቪላጆ ዚፕ ኮድ 01/1A 185 ጎደና 185-1 ቁጽሪ ገዛ 7 ASD00011531 ASP 00010033 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብንብረት መመለለይ ቁጽሪ 1፡014933 ብስም ሃብተ ተወልደ ኣድጎይ + 28 ዝተመዝገበ ገዛና ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ኣብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ መቃወሚኡ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ፡፡ እንተዘይ ቀሪቡ፡ መሰርሕ ስም ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ሃብተ ተወልደ ኣድጎይ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ከባቢ ምህራም ጭራ፡ ጎደና 220 ቁ.ገዛ ሎት 1 ፓርሰል 12 ስፍሓት መሬት 120 ት/ሜ 3+ ቀንዲ ክፍልን 2+ ተሓጋጋዚቲ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ቁ/ ምስክር ወረቐት 118786 መወከሲ ቁ. 103646 ብስም ወረስቲ ነ/ሄር መሓመድ ሰዒድ ዓማር ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስምና ክነሰጋግሮ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተ ዘይቀረበ፡ ብዘሎና ኦርጂናል ሰነዳትና ጉዳይና ክነውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ሙሳ ኢድሪስ

ኣቶ ጀሙል ስራሕ ኣበተኸር ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ን/ዞባ ጸጸራት (ሰፈታ)፡ጎደና 1A183/183-3/65፡ ብቑ.መዝ.1፡006994 ብስመይ ዝተመዝገበ ሊብረቶ ገዛ ስለዝጠፍኣ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝቦለ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07126439 ይደውለለይ፡፡ እንተዘይደኣ ናይዛ ጠፊኣትኒ ዘላ ሊብረቶ ኦርጂናል ክውሃበኒ ምዃነይ ደጊመ እሕብር፡፡

ጀሙል ስራሕ ኣበተኸር

## ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቐታት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ጸገ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተስፉይ በየነ ዑቕባይ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ህልዋት ደቅናን 1 መዋቲ ተተኪኣት 1 ጓሉን ወረስቲ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳይሞን ተኽለስንበት ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተኽለስንበት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ተኽለስንበት ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ሜሪ ተኽለስንበት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄል ተስፉይ ብርሃ፡ ስም ኣደይ ሂወት የማን ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ሂወት ጀዋኒ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናሂር ተስፉይ ብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሄርሜላ ተስፉይ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄኖስ ተስፉይ ብርሃ ምባል ተረፉ፡ መሴ ተስፉይ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ቀሺ ባህልቢ ተድላ፡ ኣቡሓጎይ ተድላ በኺት ተስፉይ ስለዝዋረረ፡ ንወለድና ተኪእና ኣነ ምስ 49 ደቂ ሓወቦይ ደቂ ኣሞይን ደቂ ደቂ ኣሞይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ

ኣመልካቲ፡ ሰፉ ኣብርሃም፡ ተጸዋዒት ሰናይት ዘርኣይ፡ ምስ ንዓኺ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ኣስመሮም ጉብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍስሃየ ማስፍን መሓሪ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ መርሃዊት ጉብረስላሴ፡ ስም ደቀይ ጸገዎና በረኸት ምባል ተረፉ፡ ሜሩት በረኸት፡ ወልደገርግስ በረኸት ምባል ተረፉ፡ ሚሮን በረኸት ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወልደጉብርኤል ጉብረትንሳኤ ክፍለማርያም ምባል ተረፉ፡ ወልዱ ጉብረትንሳኤ ክፍለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሽን ክንፈ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ፊሽን ክንፈሚካኤል ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ነጋሽ ዑቕባጊርግስ ዑቕባማርያም፡ ወለደና ዑቕባጊርግስ ዑቕባማርያምን ደሃብ ሃይሉ ጉብረስላሴን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ መሓሪ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ብዓልተ ቤተይ ዓይናም ጉብረገገስ ደስታ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ኣልኣዛር በላይ ሓጎስ፡ ስም ኣደይ ኣማረሽ ዘርኣዝጊ ተስፋይወሃንስ ምባል ተረፉ፡ ሃንስ ተወልደመድህን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ሰመረ ተኽለወይኒ፡ ስም ኣደይ ንግስቲ ገዘሀይ ማና ምባል ተረፉ፡ ኣብዩት ገዘሀይ ማና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኑብያት ሰለሙን ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ኣድያም ሰለሙን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መተዝን ፍስሃጽዮን ጉብረሚካኤል፡ ኣደይ በየነሽ ዓጽሙ ተኽላይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑብያት ኣርኣያ ከበደም፡ ብዓል ቤተይ ኣማረ ሃብተ ለባሲ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣለም ዘመንፈስ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ኣርሴማ ዘመንፈስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኤልሳ ሰለሞን ጋይም፡ ስም ኣደይ ሂወት ሓገስ ጉብረኣረጋዊ ምባል ተረፉ፡ ጸገወይኒሓገስ ጉብረኣረጋዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ኣባይ ንጉስ ምባል ተረፉ፡ትርሓስ ኣቡዲ ንጉስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ነቢት ሱሌማን ጅምዕ ምባል ተረፉ፡ ከዲጃ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክንፈ መንግስቱ ዓንደም፡ ወለደና መንግስቱ ዓንደም ሓምድን ሃንሱ ኣስፍሃ ዕዋልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓረጉ ተስፋማርያም ወልደየውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ቀለታ ትካቦ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለን ማስመር ህያቡ፡ ኣዴና መድሓኒት ሓጇያወሃንስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መዓሾ ኢያኑብ ይሕደጉ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ እስቲፋኖስ ጉብረትንሳኤ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓሊማ ኢብራሂም መሓመድ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ኣሕመድ ሮሞዳን ኣደም ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሮሞዳን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/625 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ምም/ከበ. ዊና ፕሎት 56 ፓርሰል 32 ዚፕ ኮድ 1A746 ጎደና ባዳ ቁ.ገዛ 16/18፡ ዋንኡ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM000542/0 ብስም ኢብራሂም ዓብደላ ሰራጅ +2 ዝተመዝገበ ተራ-ገዛ፡ ብጽሒት ኣፍ/ኢብራሂም ዓብደላ ናብ ወረስቲ ክሰሓላልፍ ስለዝሸንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪቡ ጉዳዩ ክፈጽም ምዃኑይ ኢሕብር።

ኣሕመድ ኢብራሂም


## ብስራት ካብ ቦቺዮፊላ ክለብ ስፖርት

ናይ ሚእትን ዕስራን ዓመት ዝና ዘለዎ ቦቺዮፊላ ክለብ ስፖርት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ትርከቡ ኩሉኹም ኤርትራውያን ርሑስ ቅንያት በዓል ናጽነት እናበለ እነሆ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ቀረባ እዋን ስርሑ ዝጀመረ ብክኢላታት ከሻኖ ዝዳሎ ናይ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ከም በርገር፡ ፒሳ፡ ፓስታ፡ ከምኡ'ውን ተሃራፊ ባህላዊ መግቢ ከም ሽሮ፡ ቋንጣ፡ ጻሕሊ ጥብስን ካልእን፡ ብተወሳኺ፡ ጽማቕ፡ ውዑይን ዝሑልን መስተ፡ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምህላዉ ብሓጎስ የበስር።

መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንመርዓ፡ ቁርስን ድራርን፡ ንዓመት ቈልዑን ንእስ ዝበለ ግብጃታትን ብርትዓዊ ዋጋታት ከማልኣልኩም ድሉው ኣሎ። ቦቺዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ዝደለኹሞ ሒዝኩም ትኸዱ ቴክ-ኣወይ ጠለባት እውን ከዳሉ ድሉው ኣሎ። ናይ ፓርኪን ቦታ'ውን ኣለኩም።

### ኣድራሻና፡-

ማእከል ከተማ ከባቢ ኮሚሳርያቶ ሓማሴን ጎኒ ሞድካ ካፈ።
ቁጽሪ ቴሌ፡- 07146551 ወይ 07209233




ብደሓን ምጹ!!!

ቦቺዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድንርሑስ በዓል ናጽነት!!

# ስድራቤት


ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ዝምድና ወላድን ውሉድን ብኸመይ ይድልድል፤

ኣብ መንጎ ወለዲን ውሉድን ድልዱል ዝምድና ክህሉ ማሰረታዊ ነገር'ዩ። ዝምድና እንተዘየለ ግን ብዓበኡ'ውን እቲ ናይ ሓባር ጉዕዞ'ውን ኣይክህሉን'ዩ።

ህጻናት ምስ ወለዶም ብዘተፈላለየ መንገዲ ናይ ምርድዳእን ምቅርራብን ዝምድናኦም ከም ዘሐይሉ ክኢላታት ስነ-ልቦና ይገልጹ። ንኣብነት፡ ህጻናት ዝበዝሐ ግዜ ምስ ወለዶም ብምትንኻፍ ሓያል ምትእስሳር ይፈጥሩ። ከም ምሕቛፍ ዝኣመሰለ ኣካላዊ ምትንኻፍ ኣብ መንጎ ወለዲን ህጻናትን ጥቡቕ ምትእስሳር (Bonding) ክህሉ ዝገብር እዩ።

ብኣድ ምሓዝ፣ ምዝራብ፣ ምዝማር፣ ምርኣው፣ ምሕቛፍን ኣገባብ ኣተዓናግሎን ኣብ መንጎ ወለዲን ውሉድን ዝለዐ ስምዒታዊ ርክብ ንኽፍጠርን ንኽሕይልን ዝገብሩ እዮም። ከምኡ'ውን ኑቲ ቈልዓ ናይ ምምሃር ሓይሉ ክበርትዕ ይገብርዎ። ዝበዝሑ ወለዲ ምስ ውላዶም ዝህልዎም ርክብ ብቕልጡፍ ግብረ መልሲ'ዩ ዝጅምር። እዚ ከኣ ባህርያዊ ኮይኑ ኣብቲ ውላዶም ዝተወልደላ ሰዓት ኣትሒዞም ምስቲ ቈልዓ ዝምድናኦም ምትእስሳር ይጀምሩ ማለት'ዩ። ብወገን ቈልዑ ግን እቲ ምስ ወለዶም ዝምስርትዎ ምትእስሳር ቅልጡፍ ኣይኮነን። ቀስ ኢሉ'ዩ ዝምስረትን ምስ ግዜ እናዓበየ ዝመጽእን።





ምስ ወላድካ ውሑስ ምትእስሳር ዝፍጠር፣ ወላዲ ሓላዪ ምስ ዝኾውን፣ ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ ወዘተ. ምስ ዝኾውን ከምኡ'ውን ውሑሉል ኣተኣላልያ ምስ ዘዘውትር'ዩ። እዚ ማለት ሓደ ወላዲ ኣብ ወላዱ ሓላዩን ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ ዝሁብ ኣተዓባብያን ምስ ዝኽተል ምስ ውላዱ ጽቡቕ ዝምድና ወይ ምትእስሳር ይህልዎ። ንናይ ውላድካ ድሌታት ብፍቕራዊ መንገዲ ደፋፋኢን ኣተባብዕን ግብረ-መልሲ ምስ እትህቦ፡ ኣብ ልዕለኻ፡ ኣብ ንጹርነቱን ኣከባብኡን ሓያል ናይ ምእማን ባህሪ ክጥሪ ይሕግዞ። ይኹን'ምበር፡ ጎደኒ-ጎደኒ እቲ ንውላድካ እትህቦ መሰረታዊ ናይ ክንክን ኣተኣላልያ፡ ምምጋብ፡ ምኽዳን፡ ምሕናው (እሩሩ ምግባል) ካልኦት ምትእስሳርካ ዘሐይሉ ኣገባባት ኣለዉ። እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብኦም ኣብ መንጎ ወለዲን ህጻናት ደቆምን ዝዕመቑን ዝተረረን ምትእስሳር ንኽህሉ ዝሕግዙ መንገድታት'የም፦


1. **ገጽ-ንገጽ ምውላእ፦** ገጽካ ኣብ ቅድሚ ውላድካ ኣቕሪብካ ሓያል ናይ ዓይኒ ንዓይኒ ርክብ ግበርን ፍሽኽታ ኣጽግቦ። ኣብ ገጽካ ዝዕዞ ስምዒታዊ ለውጢ፣ እትልግሰሉ ፍቕሪ ሓዚል ድምጺን ካልእን ከኣ ከንቕሖን ከበራብሮን እዩ። እዚ ኑቲ ህጻን ምስ ወለዱ ተረር ርክብ ሓዙ ንኽየብ መሰረት ይኾኖ። ስለዚ ንውላድካ ገጽ ንገጽ ጠምቶ፣ ፍሽኽታን ፍቕርን ኣርእዮ። ንኣብነት፡ ቈልዑ ካብ ምስ ኣቦኦም ምስ ኣደኦም'የም ዝሓየለ ፍቕራዊ ምትእስሳር ዝህልዎም። እዚ ከኣ እቲ ኣደ ኑቲ ህጻን ዓይኒ ንዓይኒ እናጠመተትን እናሰሓቐትን ፍቕሪ ሓዚል ድምጺ ስለ እትልግሰሉ እዩ። በዚ ከኣ ካብ ንኣቦኡ ዝያዳ ንዓኣ ክፈልጥን ክለልን ይግደድ። ኣቦ'ውን ብተመሳሳሊ መንገዲ እንተደኣ ንህጻን ውላዱ ፍቕሩን ስምዒቱን ገሊጹሉ ከምቲ ናይ ኣደ ሓያል ምትእስሳር ክምስርት ይኽእል'ዩ።

2. **ምድህሃስ፦** ፍቕራዊ ብዝኾነ መንገዲ ምትንኻፉ (ምድህሃስ)፡ ንስምዒታዊ ዕብየት ውላድካ ዝሰንግልን ህዋሳዊ ኣቓልቦኡ ዘመሓይሽን ስለዝኾነ ተጠቐመሉ። ክዓንን ክትቅይረሉ ወይ ክትከድኖ እንከለኻ ህድእ ኢልካ ሰዩሞን ደራርዞ። ክምዝብ እንከሎ'ውን ኣብ ምዕጋርቱ፡ ኣብ መንከቡን ኣብ ምናቱን ዳህስሶ። ቀስ ኢልካ'ውን ኑተን ጸቡቓትን ተኣቀፍቲን ኣእዳውን ኣጻብዕቱን ሓዞ። ኣብ ቈልዑ ዝግበር ማሳጅ (ምድራዝ) ሓያል መግለጺ ፍቕሪ ስለዝኾነ ተጠቐመሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ምድራዝ ንቈልዑ የዝሕሎም፡ ጸቕጢ የጉድለሎም ንኽድቅሱ'ውን ይሕግዞም እዩ'ሞ፡ ንደቅኻ ማሳጅ ኣይትብቀቐሎም።

3. **ኣብ ኣፍልብኻ ኣጸጊዕካ ምሕቋፍ፦** ኑቲ ዕሸል ውላድካ ተዛሪኻ ኣብ ኣፍልብኻ ኣጸጊዕካ ምሕቋፍ፡ ንዓኻን ንዕኡን ምቁጽናዕ'ዩ ዝፈጥር። ስለዚ፡ ኣብ ኣፍ ልብኻ ኣጸጊዕካ ሕቘፎ። ምቑት ኣካላትካ፡ ሽታ ቈርበትካን ህርመት ልብኻን ዕረፍትን ምጽንናዕን ክፈጥረሉ'ዩ።

4. **ምስ ውላድካ ምዝርራብ፦** ንውላድካ ከምዝ ዓቢ ሰብ ገይርካ ተዛረቦ። “ኣይርድኣን'ዩ ክሰምዒ ኣይክእልን ወዘተ…” ኢልካ ምስኡ ምዝራብ ኣይተቋርጽ - ተዛረቦ ደኣ፡ ክሰምዓካ እዩ። ከምኡ'ውን ብዝዕባ'ቲ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ እትገብሮ ዘለኻ ንጥፈታት ምስኡ እናተዛረብካን እናተዋዘኻን ፈጽሞ፣ ንሱ'ውን ከም ዝዛረብ ግበሮ። ውላድካ ሓንሳብ ኣተኩሩ ምስ ጠመተካን ድምጹ ምስ ኣስምዓካ፡ ኑቲ ጺያፍ ድምጹን ዘይንጹር ቃላቱን ከም ናቱ ድምጺ ገይርካ ደጋጊምካ ምላሽ ሃቦ። ባህታን ሓጎስን ካህዕታን ክፈጥረሉ'ዩ።

5. **ንውላድካ ምዝማር፦** ዕላማኻ ብኸመይ ንውላድካ ፍቕርኻን ሓጎስካን ገሊጽካ ሕጉስን ድሱትን ትገብሮ'ዩ። ስለዚ ሓደ ካብቲ ፍቕርኻን ሓጎስካን ንምግላጽ ዝጥቐመሉ መንገዲ ድማ መዝሙር'ዩ። ከይሰልከኻ መዝሙር ኣስምዖ። ድምጽኻ ዋላ ሕማቕ ይኹን ድምጺ ወላዲ ንውሉድ ዝጥዕሞ መዚቃ ምዃኑ ኣሚንካ ዘምረሉን ድረፈሉን። ከምኡ'ውን “ውላድካ እሩሩ ንምግባል ይጠቅም'ዩ። ንዓኻን ንውላድካን የሐጉስ'ዩ'' ዝበልካዮ ናይ መዝሙር ቃና ተጠቐም። ውላድካ ድማ ኑቲ እትገብሮ ጻዕሪን ኣደህቦ ክፈትዎ'ዩ። በዚ ከኣ ምስ ውላድካ ጽቡቕ ምትእስሳር ክተጥሪ ኢኻ።



6. **መጻወቲ ቈልዑ ምጥቃም፦** መጻወቲ ቈልዓ (ባምቡላ) ንቈልዓ ኣብ ምዝንጋዕ ልዑል ተራ'ዩ ዘለዎ። ኣድህቦ ቈልዓ ናይ ምስሓብ ብልጫ ስለዘለዎ ከኣ ንውላድካ ባምቡላ ተጠቒምካ ከተዛንዮን ክተጻውቶን ምኽኣል ዓቢ ጥቕሚ'ዩ። ግድን ኣይተዛን ክቡር መጻወቲ ቈልዓ ክህልወካ። ልዕሊ ኩሉ ብኣካል ምስኡ ስለዘለኻ ዝኾነ ክጻወቶ ይኽእል'ዩ ዝበልካዮ ነገር ተጠቒምካ ክተጻውቶ ትኽእል። ስለዚ፡ ብፍላይ ኣብቲን ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ ዕድመኡ መጻወቲ ቈልዓ ተጠቒምካ ንኽመሃርን ከባቢኡ ንኽድህስስን ሓግዞ።

7. **መዚቃን ሳዕሳዒትን ምጥቃም፦** ኣብ ውሽጢ ገዛኻ ኮይንካ ትሑት መዚቃ ወሊዕካ ብህድኣት እናሳዕሳዕካ ንውላድካ ከተዘናግዖን ምሳኻ/ኺ ዝለዎ ምትእስሳር ከተሐይሎን ይኽኣል። ቈልዑ ብፍላይ ምስ ወለዶም እተዮም ዝበለጹ ሳዕሳዕቲ ኣዕሩኽ ምዃኖም'ውን ዘይምዝንጋዕ። ቈልዑ ፈተውቲ መዚቃ፡ ምንቅስቓስን ምስ ወለዶም ምቕርራብ ዝፈትዉ'ዮም።

8. **ምንባብ ምዘውታር፦** ውላድካ ብፍላይ ቋንቋ ክምዕብል ኣብ ዝጀምረሉ ግዜ ከተንብበ ክርእየካ ኣለዎ። ከተንብብ ክርእየካ እንከሎ ብጽሞና ስለዝከታተለካ ምሳኻ ንዘለዎ ምትእስሳር ዝያዳ ተረር ክኸውን ይሕግዞ። ስለዚ ንባብ ምሳኻ ዝያዳ ዕርክነት ንኽፈጥር ስለዝሕግዝ ድልዱል ፍቕሪ ክህልወኩም ይገብር፣ ናይ ንባብ ልምዲ ንኽሓድሮ ድማ ይጸልዎ። ክኢላታት ስነ-ልቦና ከምዝገልጽዎ፡ ንውላድካ ኣብ ቅልጽም ኢድካ ሓቝፍካ ከተንብበሉ እንከለኻ ሩፍታ ተሰምዖ ኑቲ እተንብበሉ ዘለኻ እናሰምዐን እናስተማቐረን ልዋም ድቃስ ክድቅስ ከም ዝገብሮ እዩ።

## ሮዳስ ወላዲኣ ተናዲ

እዛ ኣብ ስእሊ እትዕዘብዋ ዘለኹም፡ መንእሰይ ሮዳስ እያ እትበሃል። ሮዳስ፡ ኣብ ለካቲት 2001 እያ ኣብ ሞልቀ ተወሊዳ ኣብኡ ዓብያ።


ሎሚ ጓል 24 ዓመት ኮይና ዘላ መንእሰይ ሮዳስ፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስድራቤት ገይራ፡ ብሓገዝ ኣንበብቲ፡ ደሃይ ናይ'ቲ ብጸጋ ርእዩቶን ደጆ ረኺቦን ዘይትፈልጦ ኣቦኣ ክትረኽብ'ያ ናብ ቤት ጽሕፈትና መጺኣ።

ንሮዳስ ኣደኣ ወ/ሮ ምልእተ ዕንቋይ የውሃንሾት እያ ትበሃል። እቲ ርእዩቶ ዘይትፈልጦ ኣቦኣ የናስ መድሃኔ ከም ዝበሃል ኣደኣ ከም ዝሓበረታ ነጊራትና። የናስ መድሃኔ ምስ ምልእተ ዕንቋይ ኣብ ብሾኣ (ጋሽ ባርካ) እዮም ተላልዮም። መበገሲ ሌላኦም ድማ፡ ምልእተ ኣብ ብሾኣ ኣብ እንዳ ሻሂ ትሰርሕ ነበረት'ሞ፡ የናስ መድሃኔ ድማ ኣብ'ቲ ከባቢ ምስ ክፍለ ሰራዊት 28፡ 4ይ ብርጌድ ተመዲቡ፡ ሻሂ ክሰቲ ናብ'ቲ እንዳ ሻሂ ኣብ ዝመላለሰሉ ዝነበረ ግዜ'ዩ። ክልቲኦም ዝተፋለጥሉ ዓመት፡ ኣብ 2000 ዓ.ም ኮይኑ፡ ኣብ እዋን ሳልሳይ ወራር ወያነ ዝጀመረሉ ዝነበረ ወርሒ ግንቦት ምንባሩ፡ ወላዲታ ከምዝሓበረታ ሮዳስ ትገልጽ። ብድሕሪ ሌላኦም ከኣ፡ ምልእተ ጥንሲ ትሕዝ፡ የናስ መድሃኔ ድማ፡ ብምኽንያት ምጅማር 3ይ ወራር ወያነ ካብ'ቲ ቦታ ግዳዝ ምስ ምልእተ ክፈላለዩ ከም እተገደዱ ሓቢራትና። ድሕሪ 3ይ ወራር ድማ፡ ንሱን ምልእተን ስለ ዝተፈላለዩ ናብይ ኣቢሉ ደጆ የብላን።

የናስ መድሃኔ ማብቐል ዓዱ፡ ጸዓዘጋ ምዃኑ ንምልእተ ሓቢሩዋ ነይሩ። ምስ ወለዱ ዝቕመጡሉ ቦታው'ን ኣብ ኣስመራ ማይ-ጭሁት ከምዝኾነ ነጊሩዋ እዩ። ብተወሳኺ፡ የናስ መድሃኔ ኣባል 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምዃኑ ንምልእተ ሓቢሩዋ ነይሩ። የናስ፡ ቁመቱ፡ ሓጺር፡ ሕብሪ ቆርበቱ፡ ቀይሕ፡ ኣዒንቱ፡ ድማ ጨምጫም ምዃኑ፡ ወላዲታ ከምዝገለጸትላ ሮዳስ ተረድእ።

ኣብዚ እዋን'ዚ መንእሰይ ሮዳስ፡ ኑቲ ወላዲታ ዝሃበታ ሓበሬታ ሒዛ'ያ ንኣቦኣ ትደልዮ ዘላ። ደሃይ ወላዲኣ ክትረክብ ብዙሕ ፈቲና ኣይተዓወተትን። ንጸዓዘጋ ከይዳ'ኳ እንተ ኣጣየቐት፡ ጻዕራ ፍረ ኣይረኸበትሉን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ሮዳስ፡ ደሃይ ናይ'ቲ ስሙ የናስ መድሃኔ ዝተባህለ፡ ኣባል 1ይ ዙርያ ወዲ ማይ-ጭሁት፣ ቅድሚ 3ይ ወራር ወያነ ኣብ ብሾኣ ምስ ክፍለ ሰራዊት 28፡ 4ይ ብርጌድ ተመዲቡ ኩቲ ዝነበረ ወላዲኣ ክትረክብ ተብህግ ኣላ እሞ፡ ብፍላይ ኣባላት 1ይ ዙርያ፡ ተቐማጦ ማይ-ጭሁት፡ ኣሃዱ ክፍለ ሰራዊት 28፡ 4ይ ብርጌድ ዝኾንኩም፡ ብዕባኡ ወይ ቤተሰቡ ዝፈልጥ ምስ ዝህልወኩም፡ ክትሕብርዋ ብሃንቀውታ ትጽበየኩም ኣላ። ስለዚ፡ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ንሮዳስ ብቑጽሪ ተሌፎን 07237682 ወይ 116266 ደዊሉ ክረክብ ይኽእል።





መንእሰይ ሮዳስ

# ዝዕበ ሎሚ

## ሃንቀሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ 'ኣለጎሪ'


ሱልጣን መሓመድሰዒድ
(መወዳእታ ክፋል)




በዓቲ ኣለጎሪ (በዓቲ ፕላቶ እናተባህለ እውን ይጽዋዕ እዩ)፡ ናይ ግሪኻዊ ፈላስፋ ፕላቶ ፍልስፍናዊ ኣምር እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ በዓቲ ዝዓበዩ፡ ብናይ ኣእምሮ መቑሕ ዝተቖየዱ እሱራት፡ ኪኖ እቲ ኣብ መንደቕ ብጸብራቕ ናይቲ ኣብ ማእከል በዓቲ ዝተኣጉደ መጋርያ ዝተፈጥረ ደጎ ምስሊ (ጽላሎት) ካልእ ክርእዮም ዝኽእል ነገር ስለዘየልቦ፡ ደጎ ምስሊ (ጽላሎት) እቲ እንኮ ሓቀኛ ነገር ኮይኑ ከምዝስምዖም ዝገልጽ ዛንታ እዩ። ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ ንዋንነት ባሕሪ ብዝምልከት ብቐጻሊ ዘልዕልዎ ፋንታዝያዊ ዛዕባ ድማ ምስዚ ናይ በዓቲ ኣለጎሪ ዛንታ ዝመሳሰል'ዩ።

### ርእይቶ ኣጋፊርቲን መደምደምታን

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና፡ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ቀያዲን ናይ መወዳእታን ብይን ድሕሪ ምሃቡ፡ ዲያሎግ (ዘተ) ከምኡ'ውን "ሂብካ ምቕባል" ዝብሉ ኣምራት ብምልዓል እቲ ፍርዲ ከይፍጸም ዝተገብረ ምዕንቃጽ ኣዝቢብና። ሕጂ እውን ኣብ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ፡ ገለ ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ እቲ ፍታሕ 'ዘተ' እዩ ክብሉ ይሰምዑ እዮም። ዘተ ብዛዕባ እንታይ? ስዒቡ ዝቐርብ መጉት ነቲ ብናይ ምስፍሕፍሕን ወራርን ህርፋን




ተደሪኹ ዝቐረበ ምግዳር ሕልሚ ልሂቃን ኢትዮጵያ ዘይተ፡ ነቲ ንዕኡ ስዒቡ ዝፍጠር ዘሎ ደምዲ ኣተናኡ ንምድህሃስ ዝዓለመ እዩ።

ንተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ብዝምልከት፡ ብወገን ኤርትራ ካብ ጸባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ቅኑዕ ድሌትን መርገጽን ነይሩን ኣሎን። ስለዚ ናይ ዘተ መድረኽ ምውዳድ ዘድልየሉ ምኽንያት የለን። እቲ ዝድለ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ባሕሪ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብዘይግህስ መገዲ ኣገልግሎት እትረኽበሉ መገዲ ምኽታል ጥራይ እዩ።

እንተ፡ ሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ፡ ብመሰረት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ዘይሕጋውን ዘይቅቡልን ንዓለማዊ ትርጉም ልኡላውነት ናይ ምስረታ ኣዋጅ ክልቲኡ ውድባት ዝጥሕስ፡ ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ብምዃኑ ክሰምር ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዘተ ክቐርቡ ኣለዎም ዝብል ርእይቶ፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ክርዳእ ዘይክእል ጥራይ እዩ። ኣብ ክንድኡ 'ኢትዮጵያ ብኣህጉራዊ ሕጊ ክትግዛእ ኣለዋ' ዝብል መግለጺ እዩ ነቲ ኩነት ዝምጥን።

ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ ኣህጉራዊ ሕግታት፡ ነቲ ዘልዓልዎ መጉት ከሰሲ ከም ዘይክእል ኣዳዕዲያም ይፈልጡ እዮም። 'ሕቶ ዋንነት ባሕሪ ምልዓል፡ ነውሪ ዝኾነሉ ግዜ ኣብቂዑ እዩ' ዝብል መግለጺ ድማ ብቐንዱ ንንዑእ ህዝቦም ብምትላልን ብምርስሳዕን ክንጾ ኣህጉራዊ ሕጊ ከይደካ ህርፋን ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚን ባህግን ምርዋይ ዝከኣል እንተኾይኑ ንምህቃን ዝዓለመ እዩ።

'ካብ ንጉበ ማይ ክሳብ ባሕሪ' ብዝብል ኣርእስቲ ዝተበገሰ ቅኔ ሎሚ ቅነ ልሂቃን ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ዕላማኡ ሓደን ንጹርን እዩ። ንሱ ድማ፡ ብኸሎም መሳኸቲ መራኸቢ ሓፋሽ ሽበራን ፍርሕን እናዘርኡ፡ መንግስቲ ኤርትራ እናጠቀኑ፡ ነቲ ኣጀንዳ ባሕሪ ብሰፊሕ መገዲ ምንብልባል፡ ዓፍራኡ ሰማይ ጠቀስ ከም ዝበጽሕ ምግባር እዩ። እቲ ከይተባህሎ ዘሰሲ መድረኽ ማሕበራዊ መራኸቢታት ድማ፡ ነቲ መቓልሕ ብዝበርኸ ደምጺ የቃልሖ ኣሎ። ሽቐለት ተሓሲምዎም ዝጸንሐ ወርጠበ ተንተንቲ ጂኦፖለቲካ፡ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓሊፎም ኣብ ዓበይቲ መሳኸቲ መራኸቢ ብዙሓን ብምቕራብ፡ "እቲ ወጥሪ ይዓርግ ኣሎ፣ ደበና ኩናት ኣብ ቀርኒ የንጸላሉ ኣሎ። እቲ ዘይተርፍ ኩናት እንተ ተወለዐ፡ ታሪኽ ከም ዝመዝገቦ፡ እዚ ዞባ ርእዩዎ ዘይፈልጥ ቅልውላው ኪጋጥሞ እዩ፣ ሆ ንዑ ርድኡ፣ ከሎ ኽዮ ኩናት ኣወግዱ፣" ዝብል ደምጺታት በትን በዘን ይደጋገም ኣሎ። ዕላማ ናይ'ታ ዝተፈሓተት መለኸት ድማ ንሱ እዩ ነይሩ። ነቲ ብኣዘራርባኦም ይገዝሀር ኣሎ ዝብልዎ ኩነታት ኑዩዲ ዝኸውን ኣሰበዛ ምቕራብ፡ መለስካ ነቲ ወራሪ ካልእ ሓሳብ ምስናቕ፡ ከም ወጽኢቱ፡ ነቲ ክብርዕ ካልኢታት ተሪፍዎ ኣሎ ትብሎ ኩናት ከይመጽእ፡ ሆ ናብ መኣዲ ዘተ ቅረቡ ብምባል፡ ዘይነበረ ጉዳይ ምስራሕ እዩ እቲ ዕላማ።

እዚ ኣብ ኩሉ መድረኻት፡ ማለት ኣኼባ ወከልቲ ህዝቢ፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ መርበብ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዲፕሎማስያዊ ርክባትን 'ኢትዮጵያ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ንምእታው ታሪኻውን ሕጋውን መሰል ኣለዋ' ዝቐንቀኖ መግለጺታት ልሂቃን ንኢትዮጵያ ኣብይ ከበጽሓ ይኽእል ምምላስ ኣገዳሲ እዩ። ብሰፍልጠታዊ ዓይኒ እንክርኦ፡ እቲ ንህዝባዊ ርእይቶ ምቕራጽን ኣህጉራዊ ድንጋጸ ንምርካብን ዓሊሙ ዝደጋገም ዘሎ ሃተምተም ዘይክውንነታዊ ጠለብት ከም ክልሰ-ሓሳብ ፕሮፓጋንዳን ምቁጽጻር ትረኻን ዝርአ እዩ። ብፍላይ ድማ እቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ "ታሪኻዊ"ን "ሕጋውን" መሰል ኣለዋ ዝብል ሃሰሓ፡ ዋላ'ኳ ሕጋውን ታሪኻውን ሰረት እንተ ዘይብሉ፡ ብምድግጋም ግን ግንዛበ ወይ መረዳእታ ናይቶም ጠለብት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። እንተኾነ፡ ሓሶት ሽሕ ግዜ'ውን እንተ ተደጋገመ፡ ኣብ መወዳእታ ወረቐት'ዩ ዝዕረብ።

እቲ ዘመተ፡ ግቡይ ሓበሬታ ብምድግጋም ሕጋውነት ምጥምማዝ ኣብ ዝብል ሜላ (illusory truth effect) ዝተሰረተ ኮይኑ፡ ዝደጋገሙ ኣበሃህላታትን መግለጺታትን ድሕሪ ግዜ ብሰማዕቲ ከም ሓቂ ክወሰዱ ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ ካብ ዝብል ኣጉል እምነት ዝበገሰ እዩ። ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ከምዝርአ ወሽጣዊ ብድሆታት ዘጋጥሞም መራሕቲ፡ ህዝቦም ንምጥርናፍን ኣቓልቦ ካብ ወሽጣዊ ጸገማት ንምእላይን፡ ግዳማዊ ጉዳያት ይፈጥሩ እዮም። እዚ ድማ ክልሰ ሓሳብ ምዝንባል ብፖለሲ ወጻኢ ይብሃል። እታ ሃገር ብዞራዊ ግጭታት፡ ብድሆታት ምሕደራ፡ ቁጠባዊ ቅልውላዋትን ካልእን ምስ በዚሓ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ነቲ ጉዳይ ንምጥምዛዝ 'ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ' ዝተሰምየ ኣብ ኢትዮጵያ ልሙድ ዝኾነ ስትራተጂ ክኽተል መሪጹ ክብሉ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ይገልጹ። እቲ ጉዳይ፡ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ጉዳይ'ዩ ብምባል ወሽጣዊ ተቓውሞ ከርግእ ይኽእል'ዩ ዝበሉ ወሀድ ትረኻ ሃኒጹ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ሕሉፍ ጥሜት ከምእትኸውን ዝገበረ ግቡይ ፖለሲ ተኸታተልቲ መንግስታት ንምምኽናይ፡ ምሩጻት ቃላት እናተጠቐሙ፡ ንሕጽረት ግንዛበ ብምምዝማዝ "ጠንቂ ድኽነትና ቀይሕ ባሕሪ ብምስኣንና እዩ። ኑታ ኣብ ጥሞም ቀይሕ ባሕሪ ደርማስ ሓይሊ ባሕሪ ዝነበራ ኢትዮጵያ ታሪኻ ክንመልሶ ኢና" ብዝብል ንኣጀንዳ ምስፍሕፋሕ ከም ሓደ ንሰሚዒት ሃገራዊ ሓበን ዘቓቕሕ ገሰጻስ ብምቕራብ ንተኣኻኺ መግለጺታቱ ምኽንያታዊ ንምግባር ይፍትን ኣሎ።


ብኣብነት ንምስናዩ፡ ኣህጉራዊ ትካል ንሓቅነት መራኸቢ ብዙሓን (International institute for media Integrity) ዘቐረቦ መጽናዕቲ፡ 95% ትሕዝቶ መራኸቢ ብዙሓን ኢትዮጵያ ንኩናት ዝምልከትን ዘወዓውዑን እዩ። እቲ ዝተረፈ 5% ከኣ ንምንካይ ድኽነት ዓሊሙ ዝቐርብ ትሕዝቶ ከምዝለዎ የጸር። ስለዚ በቲ ልዕል ኢሉ ዝተቐመጠ መግለጺ፡ ጠንቂ ድኽነት ኢትዮጵያውያን እንታይ ምዃኑ እዚ ምርምራዊ መጽናዕቲ'ዚ ዘቕረቦ ጸብጻብ'ውን ሓደ ምስክር እዩ።

እቲ ካብን ናብን ሰላማዊ ዘተን ምፍርራሕ ብሱመጉት ሓይልን ዝመላለሰ ተርባጽ፡ ነቲ ገለ መራሕቲ ንግብረ መልሲ ማሕበረሰብ ዓለም እናዓቀኑ፡ ጂኦፖለቲካዊ ጽልዋ ንምርግጋጽ ዓሊሞም ዝሰርሑ ዝጥቀሙሉ ስትራተጂታት ዘንጸባርቕ እዩ። እዚ ንታሪኻዊን ባህላውን ምትእስሳር ምርኩስ ብምግባር ዝቐርብ ፈተነታት፡ ንመግዛእታዊ ዶብት ኣፍሪቃ ደጊሙ ክስእል ዝህቅን ፈተነ'ውን እዩ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ምግዳር ድልያ ልሂቃን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕግታት ንዝተቐመጠ ዓለምና እትመሓደረሉ ወሀብ ግዝኣት ሕጊ ዳግማይ ንምሕንጻጹን ሓድሽ ትርጉማት ንምልባሱን ዝዓለመ እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ግን፡ ክንጾ ንልኡላውነት ኤርትራ ምፍትታን ንኣህጉራዊ ሰላምን ግዝኣት ሕግን ዝፈታተንን ሓድሽ ዕግርግር ዝፈጥርን እዩ።

ብሓጺሩ ገስጋስ መንግስቲ ብልጽግና፡ ወሽጣዊ ደገፍ ንምርካብ፡ ኣህጉራዊ ርእይቶ ንምጽላው፡ ከምኡ'ውን ዝባዊ ህርፋን ኢትዮጵያ ንምርግጋጽ ዝዓለመ'ዩ።

ክንጾ'ዚ ዝተገልጸ ጉዳያት፡ እዚ ናይ ኢትዮጵያ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ምእታው ድፍኢት ብመን እዩ ዝዘወር ዘሎ፡ ምስናይ'ዚ ድማ እቲ ንውድድር ዝሓሉ ኩናት ዘዘናኽር ጉያ ጉያ ዝመልኦ ኣሰላልፋ ግዳማውያን ሓይልታት ከምኡ'ውን ምስ ኩናት ወሽመጥ ቃዛ ተተሓሒዙ ዝተፈጥረ ጸጥታዊ ስግኣት ቀይሕ ባሕሪ ንመን ዕድል ንምፍጣር እዩ፤ ንስጉታት ዞባና ብኸመይ ዝያዳ ይሓልልኾ ኣሎ፤ ተራ ሃገራት ከልኢ ከመይ ይመስል፤ ንኤርትራ ከም ወትሩ ግዳይ ናይ ቅኑዕ መትከላታ መርገጺታታትን ንምግባር ዝዓለመ ኹዳ ናበይ ገጹ እዩ፤ ኣብ ዓንኬል ናይዚ ዛዕባ በየም ቤላርባ ናይ ፕሮፖጋንዳ ዝዘርጋሕ ዘሎ ሓበሬታ፡ ካብ መላቱ ተሾመ ክሳብ ሻለቃ ዳዊት ወልደግዮርጊስ፡ ቀጺሉ'ውን ናብ ዲኣሊታት ሽበራን ስግኣትን ጻድቃንን መሰልቱን ዝሰገመ፡ እንታይ ፋይዳ ከም ዘርከቦ ዓመት 2025 መልሲ ስለ ዝሁቡ፡ ንግዜ ምግዳፉ ይሓይሽ። 'ኣብ መኣዲ ዘተ ቅረቡ' ንምባል ዝሀረም ዘሎ ከበሮ ድማ፡ ንመን እዩ ከሹብሮ ወይ ከጨንቖ ወይ'ውን ካብ መሰረታዊ መትከላቱ ከቓንቖ ሓበርና እንገርእዮ እዩ ክኸውን። ምኽንያቱ እቲ ዕላማ ካብ መትከል ምንድልሃጽ እምበር፡ ብውተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን መዳያት ኩናት ናይ ምውላዕ ቀመና ሃልዩ ኣይኮነን።


95% OF ETHIOPIAN MEDIA CONTENT WAR-RELATED

In a shocking revelation that has sent ripples across the international community, a confidential investigative report by the International Institute for Media Integrity (IIMI)—a globally respected watchdog—has uncovered that 95% of media content in Ethiopia is war-related, with only 5% addressing poverty alleviation.

ሓደ ካብ መሰረታዊ ኣዕኑድ ሃገርን ሃገርነትን ልኡላውነት'ዩ። ዝኾነ ወገን ንቅቡል ኣህጉራዊ ሕጊ ኣዋሲኑ፡ ንልኡላውነት ሓንቲ ሃገር ዝጥሕሰን ዝኮሰን መግለጺታት እናውጸኡ 'ተዛተዩ' ዝብል ለበዋ ክቐርብ ሓላፍነት የብሉን። ኮነ ኢልካ ነቲ መሰረታዊ ሓቂ ምጉሳይን ኣንጻር ውሕጅ ከም ምሕንባስን እዩ ዝቖጸር። ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመንግስቲ ደረጃ ዝምድና ካብ ዝመስረታሉ እዋን ኣትሒዞም፡ ጠንቂ ምስሕሓብ ክኸውን ዝጸንሐ ግህሰት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ እዩ። ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ድማ ዘተ ኣየድልየን እዩ። ብጥዑይ ቅልጽም ህዝቢ ኤርትራ ዝተደፍአ ኣኽሊል፡ ናይ መን ባርኾት ይደሊየሉ፤ ቅድሚ ዘተ ዝመጽእ ቅድመ ኩነት ምኽባር ልኡላውነትን ኣቐዲሙ ንዝወጽኡ መግለጺታት ብወግዒ ፍሩስ ምግባርን ይቕረታ ምሕታትን እዩ። እዚ ድማ ንምዝታይ ጥራይ ዘይኮነ ንምስትኽኻል ዝምድናታት'ውን ወሳኒ ረቛሒ እዩ። ምኽንያቱ ንልኡላውነት ኤርትራ ዝግህስ እማመ ዘቕረበ ኣካል በዮናይ መልክዕ እዩ ኣብ መኣዲ ዘተ ክቐርብ፡ መን ምስ መን ክዛተ፡ ብዛዕባ እንታይ'ከ እዩ ክዛተ፤

ኣብ መደምደምታ፡ ንመላእ ህዝብታት ከበቢና፡ ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሕተት መልሲ ዘድልዮ ፍሉጥ ጉዳይ ኣሎ። "እቲ መድረኽና ዘዳለወልና ፈተና... ነቲ ዝተመደበልና ክፋል ናይቲ ውድድር ጉየናዮ ዲና፤ ነቲ ቀጺሉ ዘሎ ተውዳዳሪ'ኸ ብዘጥጥእ ኒታ በትሪ ኣብ ኢዱ ኣጸጊዕና ኣረኪብናዮ ዲና፤" ብዘጥጥእ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ'ዩ። ምኽንያቱ ሰላምን ተደጋጊፍካ ምንባርን ናብ ቀጻሊ ወለዶታት ዝሓልፍ ዝበለጸ ውርሻ ክኸውን ስለ ዘለዎ።

# ስሊኮን ሳቫና
# ድሕረ-ባይታ ቴክኖሎጂያዊ ምህዞ ኬንያን ተመኩሮታቱን

ሚካኤል ቴድሮስ (ሚ/ጉ/ወ)
ሳልሳይ ክፋል

በዚ ዘመናዊ ምዕባለታት ዝተተባብዖ ናይ ብሕቲ ዩኒቨርስታት ኬንያ ንተመሃሮኦን ኣብ ዓውዲ ምህዞን ሰንዓን ንክሰተፉ ምቹእ ባይታ ክፍጥሩ ጀመሩ፡፡ ንኣብነት ዩኒቨርሲቲ ስትራሞር (Strathmore University ) ኣብ ዓመት 2011 @ iLabAfrica ዝተባህለ ማዕከን ብምኽፋት ንመጸናዕቲ ወፍሪ ምህዞን ሰንዓን እጅግሉ ሱበሰቡ፡፡ እቲ ማዕከን ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ሓበራዊ መጽናዕትታት ብምኻይድ ንዘሎ ሕብረተሰባዊ ጸገማት ዘቃልሉ ቴክኖሎጂካውያን ምህዞታት ኣብ ምፍታሽ ዕዙዝ ተራ ተጻወተ፡፡ ብዘወሳኺ ኣብ ኬንያ ካብ ዝርከባ 74 ዩኒቨርስቲታት ናይ ተመሃሮ ቑጽሪ ወሰኽ ርኡይ ዕበዩት ኣመዝጊቡ፡፡ ንኣብነት ኣብ 2013 ልዕሊ 300 ሽሕ ዝበረ ቑጽሪ ተመሃሮ ናብ ልዕሊ 500 ሽሕ ዛዪዱ፣ ናይ ሞያን ተወሳኺ ትምህርቲ (TVET) ትካላት'ውን ብቑጽሪ ብምውሳኽ ናብ ከባቢ 1300 ዝኾና በሪኑ፡፡

ዝ ተኸቲሉ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት iHub ዝተባህለ ብሕታዊ ስርዓተ ምሕደራ (ecosystem) ኣብ ናይሮቢ ተማስረተ፡፡ እዚ ናይ ብሕቲ ስርዓተ ምሕደራ ክፉት ናይ ባይታ ዕድል ብምኽፋት ንጀመርቲ ሓሳባትን ምህዞታትን ብምስትንጋድ ምስ ኣውፈርቲ ንምርኻብ ዝሰርሕ ኮይኑ እዩ ተበጊሱ፡፡ ምጅማር እዚ ብሕታዊ ትካል ኣብ ምትብባዕ መካዘትን ስፍልጠተኛታትን ኬንያ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገበረ፡፡ ብዙሓት ናይ ዓለም ናይ ቴክኖሎጂ ኩባንያታት ድማ ምስ ምምስራት እዚ ማዕከን ስርዓተ ምሕደራ ናብ ኬንያ ምብጻሕ ገበሩ፡፡ ፕረሲደንት ኩባንያ ያሁ (yahoo) ማሪሳ ሜየር (Marissa Mayer)፣ ዋና ዳይረክተር ኖኪያ ስቴፈን ኢሎፕ (Stephen Elop) ካብቶም ዓበይቲ ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ናብ ihub ምብጻሕ ዘኻዩ እዮም ነይሮም፡፡ ዕቑር ሃብቲ ኣፍሪቃ ናይዚ ዓውዲ ዝማስጦም እዞም መራሕቲ ዓበይቲ ኩባንያታት ኣብ ምዝቋቕ ክኢላዊ ዓቕሚ ኣፍሪቃ ዓቢ ጽልዋ ከም ዝበርዎም ይንገር፡፡

ኣብ ዓመት 2015 ኬንያ ናይ ምዝዋን (digitizing) መርሓ ጎደና ብምስኣል ንመንግስታውያን ትካላት ዝ መስርሕ ንክኽተላ መምርሒ ኣውጺኣተ፡፡ ብመሰረት ፕረሲደንት ኬንያ ዶር ዊሊያም ሩቶ ካብ ኣሰታት 7000 ኣገልግሎት መንግስቲ እተን 5000 ዞሚነን (digitized) ከም ዘለዋ ምሕባሩ ይዝከር፡፡ ምስ ግዜ ተራ መንግስቲ ኬንያ ኣብዚ ዓውዲ ኣገዳሲ ዓንዲ ሕቖ እዚ መስርሕ እናኾነ ኸደ፡፡ ኒ. ኒ. እዚ ታሪኻዊ ምዕባለታት ስሊኮን ሳቫና፣ መንግስቲ ብዘወሰዶም ንወፍርን ምህዞን ዘተባብዑ ክይድታት ኬንያ ማዕከን ወፍርን ብተመሳሳሊ ድማ ማእከል ዘይመንግስታውያን ትካላትን ንምምባራ ሓያል ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪ ተኻየደለ፡፡

ካልእ ከም እምነ ኩርናዕ መስርሕ ምዕባለ ሰልኮን ሳቫና ክርአ ዝኽእል ዓቢ ረቛሒ ድማ እታ ሃገር ኣብ 2030 ክትበጽሖ ተሊማ ዝሓዝ ዝዞመነ ራኢ (digitized vision/vision 2030) ከቕምጦ ንኽእል፡፡ እዚ ትልማዊ ራኢ ኣብ 2030 ንቑጠባ ኬንያ ብዲጂታላዊ ኣገባብ ንምዝማን ዝተበገሰ ኮይኑ፣ ንትካላዊ ኣሰራርሓን ኣገባቡን ብዝቐለለ መንገዲ ንምርካብ ዝዓለመ ኮይኑ እዩ ተቐይሱ ዝርከብ፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ኮንዛ ዝተባህለ ዞባ ልክዕ ከምቲ ናይ ሳንፍራንሲስኮ ሰልኮን ቫሊ ኣገዳሲ ምዕቡል ቴክኖሎጂካዊ ከተማ (smart city) ንምህናጽ'ውን ኣብ ስራሕ ይርከቡ፡፡ እዚ ቴክኖሎጂካዊ ከተማ ኮንዛ ዝተሰየመ ግዙፍ ፕሮጀክት ናይ ኣሰታት 15 ቢልዮን ወጻኢታት ከየበረሉ ምኻኑ እዩ ዝንገር፡፡ እዛ ዘመናዊት ከተማ ምስ ተሰርሐት ኣብ ቁጠባ ኬንያ ናይ 2.8 ሚእታዊት ኣስተዋጽኦ ክህልዋ ምኻኑ እሙናት መጸናዕትታት የመላኽቱ፡፡ እዛ ከተማ ነዋሕቲ ህንጻታት፣ ኣህጉራውያን ቤት ትምህርትታት፣ ሕክምና፣ ዘዩቋርጽ ዋሕዚ ማይን ኤሌትሪክን፣ ናይ ንግዲ ቦታታት፣ ማእከል መጸናዕትታት ዘለዎም ዓቢ ዩኒቨርሲቲ ዘጠቓለለት ኮይና እያ ተቐይሳ ትርከብ፡፡

ምስ ዘለዎ ብዙሕ ሕጽረታት፣ እወታውን ደፋርን ቴክኖሎጂካዊ ሰውራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣጢሳ ዘላ ኬንያ፡ ስሊኮን ሳቫና ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ እናተባህለት ክትጽዋዕ ጀሚራ ኣላ፡፡ ኣብ ጃኦግራፊካውን ቁጠባውን መዳይ እዚ ዞባ ጸላዊ ተራ ንክትሕዝ ብዙሕ ከም ዝሓገዛውን ይንገረለ፡፡ እንተኾነ ኣብዚ ዓውዲ ተወዳደርቲ ክኾና ዝኽእላ ጎረባብቲ ኣይሰኣናን፡፡ ብልሙድ ሽባ ቫሊ እናተበሃለ ዝጽዋዕ ኢትዮጵያ ዝማእከሉ ንኡስ ፈተነታትን ኣብ ሩዋንዳ ዝርከብ ተመሳሳሊ ተበግሶታትን ኣብ ውድድር ይርከቡ፡፡

## ብደሆታት ስሊኮን ሳቫና

ኣሰፋሕፋሒ ኣምር ዘለዎም ምዕራባውያን ጉጅለ፣ ዓምጻጽን ኸጻውን ኣካይዳ መገዛእቲ እየም ክኽተሉ ጸኒሖም፡፡ እዚ ማለት እዞም ጉጅለ ንማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ድሕረባይታ እታ ዝገዝኡዋ ሃገር ብምቁጽጻር ንረብሓኦም ዝጥዕም ማሕበራዊ ስርዓት ብምትካል እዮም ክሳለዩ ጸኒሖም፡፡ እንተኾነ እዚ ብዙሕ ጻዕርን ደምን ዝኽፈሎ ኣገባብ ነዊሕ ከም ዘየኻይዶም ብኣግኡ ዝተረድኡ ጉጅለ ሓይልታት፣ ድሕሪ ምእዋጅ ሰማዊ ናጽነታት ኣብዙሓ ዝገዝኡወን ሃገራት፣ ኣብዘን ሃገራት ካልእ መልክዕ ዝሕዝ ኣገባብ ኣገዛዝኣ ንምምዃእ ኣብ ስራሕ እዮም ጸኒሖም፡፡

ኣብዚ ዘመናዊ ወቕቲ ጉጅለ ኣካላት፣ ሃገራት ጥራይ ዘይኮና ብሕታውያን ትካላት ዋላ'ውን ውልቀሰባት ዓቢ ጽልዋ ኣብ ምፍጣር እዮም ዝርከቡ፡፡ ኣብዚ እዋን ናብታ ክትግዝኣ ዝተደልየት ሃገር ንምእታው ዝኾነ መመኽነያታን ፍቓድን ኣብዘይድልየሉ እዋን በጺሕና ንርከብ፡፡ ተዋዲዱ ብዘሎ ረቂቕ ቴክኖሎጂካዊ መራኸቢታት ንመላእ ዓለም ብወጽኢት ዳታ ንምግዛእ ኣብ ዝዀየድ ዘሎ ቅልስ፣ ካብቲ ባህላዊ ኣገባብ ኣገዛዝኣ ፍሉይ ተርእዮ ይጉብር፡፡

ብመንገዲ ናይ ማሕበራዊ ሚድያ መራኸቢታት ዝኾኑ ቴክኖሎጂካውያን መራኸቢታት ዝእከብ ዳታ ኣብ ምእካብ፣ ምትንታን ፣ ምዝንባዕን ምስሊይን ሓበሬታ ውልቀሰብ ብዘለዎ ተኣፋፊ ሱልካ ሓደገኛ መሳርሒ ይጉብር፡፡ ዝ ብሕታዊ ዳታ ዝወሃት ሃገር፣ ትካል ይኹን ውልቀሰብ ድማ ንዓበይቲ ትካላት፣ መንግስታት፣ ሰብ ጺጋን ዓለምና ኣብ ዕዳጋ ብምውራድ ኣታዊታቱን ልዕልንኡን ከስፍሕ ይከኣል፡፡


ኣብ ዓመት 2016 ኣብዚ እዋን ኣብ ትሕቲ ኩባንያ ሜታ (META) ተጠርኒፋ ዝርከብ ፈይስቡክ (facebook) ብዕሊ ኣብ ምስፋሕ ተጠቃምነት ኮምፕዩተር ኣብ ኣፍሪቃ፣ ምቁጽጻር ብዘሎ ህዝቢ እዛ ኣህጉር፣ ከምኡ'ውን ሳተላይታዊ ምስሊታት ንምትሕልላፍ ዝኽእል ቴክኖሎጂካዊ ምህዞታት ከም ዝጀመረ ምሕባሩ ይዝከር፡፡ እቲ ኩባንያ ኣብቲ መስርሕ ንኡሱ ከም ብዓል መዚ፣ ዝ ግዙፍ ሓላፍነት ዘድልዮ ዕማም ክሰይም ከሎ ዝኾነ ኣካል ብሕጊ ክሓቶ ይኽእል ኣይነበረን፡፡ እዚ ብረቂቕ ኣገባብ ዝተዋደደ ስርዓተ ምሕደራ ንናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኩሉ መደያዊ ምዕባሌታት ብረቂቕ ዝስሊ ሜላ ኮይኑ እዩ ተማሂዙ ዝርከብ፡፡ እዚ ዝምህርና ሓቂ እንተደ ኣሎ ኾይኑ፡ እቲ ባህላውያን ጉጅለ ንዊሕ ዓመታት ዝተጠቐምሉ፡ ንትሑት መሳብርቶ ዘለዎ ሕብረተሰብ ናይ ምምዕባል ሓላፍነት፡ ግዴታ ምዕራባዊ ስልጣኔ ምኻኑ (white man's burden) ዘመላኽት ጭርሖ ይድገም ምህላዉ የዘኻኽረና፡፡


ፈይስቡክ'ውን ኣብቲ እዋን ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንዝርከብ ዘይማዕበለ ሕብረተሰብ ናብ ዝማዕበለ መድረኽ ንምስግጋር ሓላፍነቱ ምኻኑ ብዕሊ ምሕባሩ ዝ ነጥቢ ዘራጉድ ኣብነት እዩ ነይሩ፡፡ ብኣንጻሩ ኣዝዩን ዝማዕበለ ሃገራት ኤውሮጳን ቻይናን ኣቐዲመን ዝ ብዝጸረር ገደረን ዝሓጸኦ ድልዱል ፖሊሲ፣ ንኩባንያ ፈይስቡክ ኣደዳ ዘይተደልዩ መቐጻዕትታት ኣብ ምግባር ይርከቡ፡፡ ኩባንያ ፈይስቡክ ካብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ቻይናን ብተደጋጋሚ ዝመጸ ክሰታት ጥሕሰት ብሕታውነት፣ እዘን ኣካላት ዝ ስወር ውግእ ብዘዮጉኦ ተዳልዮናሉ ከም ዘለዋ የርኢያና፡፡ ብኣንጻሩ ብዙሓት መራሕቲ ኣፍሪቃን ተመሳሳሊ ስጉምትታት ክወስዱ ዘይረኣዩ ብምኻናም፣ ብሸፋን ቴክኖሎጂካዊ መራኸቢታት ኣብ ሓደሽ ቁራዕ መግዛእቲ ዘእቱ ረቂቕ ሜላ ንምቅላስ እዋኑ እናሓለፈ ዝኸይድ ዘሎ ኣገዳሲ ዛዕባ ይጉብር፡፡


ቴክኖሎጂካዊ ምህዞታት ኬንያ ዝወክል ስሊኮን ሳቫና'ውን ካብዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ስወር ውግእ ዝምለጠ ኣይነበረን፡፡ ንኣብነት ካብ ዓበይቲ ብደሆታት ስሊኮን ሳቫና ክንርኢ ምስ ንፍትን፣ ከም ቀዳማይ ዝሰርዕ ነጥቢ ግጉይ ኣቀዳድሓ ኣገባብ ስሊኮን ሳቫና ካብ ስሊኮን ቫሊ እዩ፡፡ ስሊኮን ቫሊ ናቱ ኣመጻጽኣ፣ ዛንታን ጺጋታትን ዘለዎ ኮይኑ፣ ናቱ ጸገማትን ዘይተፈትሑ ውድቀታትን ዘለዎ ምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይጉብር፡፡ ከም ዘለዎ ኑቲ ዓቢ ስእሊ ጥራይ ወሰድካ ዝግበር መስርሕ ምቕዳሕ ኣብ ስሊኮን ሳቫና ናቱ ዕንወት የውርድ ከም ዝኽእሎ ብዙሓት ይሰማምዑ፡፡

ስሊኮን ቫሊ ብሓያል ተራ ፌደራላዊ መንግስቲ ኣመሪካ፣ ሓያልን ወሳኒን ባጤራ ዶላርን እናተደርዐ ዝመጸ ርኽበት ምኻኑ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ዘይንገር ኮይኑ፣ ኣብቲ ድኹም ባጤራ ሽሊንግ ዝውንን ቁጠባ ኬንያ ተመሳሳሊ ዓወት ንኽይመጽእ ዝዓበየ ብደሆ ገደርና ከቕምጦ ንኽእል፡፡

**ይቕጽል**



1


# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ደቡብ - ስፖርታዊ ውድድር ተመሃሮ ተዛዚሙ

12 ንኡሳን ዞባታት ዘሳተፈ ስፖርታዊ ቅነ ተመሃሮ ዞባ ደቡብ ብ 11 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ከተማ መንደፈራ ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓረዛ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ደቀምሓረን ዓዲ ኳላን ካልኣይቲን ሳልሳይቲን ወጺአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰገነይቲ፡ ዓዲ ኳላን ደዋርባን ክሳብ ሳልሰይቲ ወጺአን።

ኣብ ኩዕሶ ሰከፅት ደቂ ኣንስትዮ፡ መንደፈራ፡ ዓዲ ኳላን ሰገንዓፈን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓዲ ቀይሕ፡ መንደፈራን ደባርዋን ብቕደም ተኸተል ተዓዊተን።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ማእከላይ ደረጃ ክሊ ዕድመ 12-13 ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰገነይቲ፡ ዓዲ ኳላን ደቀምሓረን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረን ደባርዋን ዕወታት ኮይኑን።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ካልኣይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ ደባርዋ፡ ደቀምሓረን ሰገንዓፈን ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረን ዓዲ-ወግሪን ዕወታት ብምዃን ተሸሊመን።

ብተወሳኺ፡ ሃግመተኤ ዞባ ደቡብ ንገብለል ናይቲ ቅነ ዝኾኑት ሰገነይቲ 10 ሽሕ ናቕፋ ሽልማት ክውሃብ እንከሎ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ቀዳሞት ዝወጹ ኣሃዱ ክልተ ሽሕ ሽልማት ናቕፋ ምሽላሙ ተሓቢሩ።




## ፋብሪጋዝ፡ ሕቶ ለቨርኩሰን ነጺጉ

ዓለሚ ክለብ ኮሞ - ሰስ ፋብሪጋዝ፡ ንቦታ ኣሰልጣኒ ባየር ለቨርኩሰን - ዣቪ ኣሎንሶ ንምትካእ ናብኡ ጋንታ ናይ ምስጋር ሕቶ ነጺግዎ።


ፋብሪጋዝ ኣብዘ ኢጣልያዊት ክለብ ዘሎዎ ናይ ምስልጣን ገዕዙ ዕዉት ምዃኑ ይግለጽ። እዚ እስጳኛዊ፡ ድሕሪ'ቲ ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ነዛ ጋንታ ኣብ 2023-24 ናብ ሰሪኣ ክትሰገር ዝተጻወቶ ተራ፡ ካብ ምፍላም እዚ ወቕቲ ድማ፡ ቀዳማይ ዓለሚኣ ኮይኑ ይመርሓ ኣሎ።

ዛጊት እዛ ንእሽተይ ክለብ፡ ኣብቲ ክልተ ግጥማት ተረፍዎ ዘሎ ናይ ሰሪኣ ውድድር 10ይ ደረጃ ሒዛ ንምውዳእ ትቃለስ ኣላ። እዚ ድማ፡ ድሕሪ 21 ዓመታት ዝሓለፈ ወቕቲ ናብ ሰሪኣ (ላዕለዋይ ዲቪዥን ሊግ ኢጣልያ) ዝተመለሰት ክለብ፡ ኣዝዩ ኣዕጋቢ ደረጃ እዩ። ከም ወጽኢቱ፡ ቀላሒታ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክረኽብ ክኢሉ ኣሎ - ፋብሪጋዝ። ሓንቲ ካብዘን ክለባት ድማ ናይ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ሻምፕዮን ቡንደስሊጋ ዝኾነት ባየር ለቨርኩሰን እያ።

ዝሓለፈ ወቕቲ ንለቨርኩሰን ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ዋንጫ ዘዕተረ ዓለሚኣ - ኣሎንሶ፡ ምስ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ክፋኖ ምዃኑ ይፍለጥ። ደሮ እውን ምስ'ታ ክትዛደና ዝጸንሐት ናይ ሃገሩ እስጳኛ ዝኾነት ክለብ ሬያል ማድሪድ ተሰማሚዑ ኣሎ። በዚ ድማ፡ ለቨርኩሰን፡ ንቦታኡ ብወዲ ሃገሩ ፋብሪጋዝ ንምትካእ ሕቶ ኣቕሪባ ነይራ።

እንተኾነ፡ ሰሱ ምስታ ክሳብ ሰ 2028 ውዕል ዘለዎ ኢጣልያዊት ክለብ ክጸንሕ ብምውሳኑ ሕቶኣ ነጺግዎ ኣሎ። እዚ ናይ ቀደም ኣከፋፋሊ ክለብ ኣርሰናል፡ ኣብቲ ካብ የኤፉ ናይ ምስልጣን ፍቓድ ከይረኸበ እንከሎ ኣሚና ቦታ ስለዝሃበቶ እዩ ከም መርኣያ ምስጋናኡ፡ እሙን ኮይኑ ክቕጽል ወሲኑ ዘሎ።

ንዓበይቲ ክለባት ባርሴሎናን ቸልሲን'ውን ዝተሰለፈለን - ፋብሪጋዝ ኣብ ራዳር ኣርቢ ሌፕዚግን ሮማን እውን ኣትዩ እዩ።


ፋብሪጋዝ


ኣሎንሶ

## ክለባት ፕሪመር ሊግ፡ ንሮድሪጎ ንምፍራም ተዳልየን

ክለባት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ካብ ሪያል ማድሪድ ክወጽእ ይኽእል እዩ ንዝበሃለሉ ዘሎ - ሮድሪጎ ንምፍራም ተዳልየን ምህላወን ተሓቢሩ።

ሮድሪጎ፡ ኣብቲ 26 ሚያዝያ ብባርሴሎና 3-ብ2 ዝተሳዕረሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ኣብ ዕረፍቲ ድሕሪ ምቕያሩ፡ ደጊሙ ኣብ ሜዳ ኣይተረኣየን። ኣብ ዝሰዓቡ ክልተ ናይ ላ'ሊጋ ግጥማት ኣንጻር ሰልታ ቪጎን ባርሴሎናን ኣይተሰለፈን። ኣብቲ ደጊሞም ብባርሳ 4-ብ3 ዝተሳዕሩሉ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ጸወታ፡ ኣንቸሎቲ ኣብ ክንዳኡ ንፍርያት ኣካዳሚ እታ ጋንታ ዝኾነ ቪክቶር መኖዝ ብምምራጹ፡ መጻኢኡ ንጹር የለን ዝብል ዜና ክስዕብ ተሰሚዑ።

እንተኾነ፡ ድሒሩ ኣንቸሎቲ፡ ባዕሉ እቲ ብራዚላዊ ተጻዋታይ ንኸፍስልፍ ከምዝሓተቶ ገሊጹ፡ ዝኾነ ዘይቃዱ ከምዘይብሎም ሓቢሩ እዩ። ሮድሪጎ፡ ካብ'ቲ ናይ ሰሉይ ልምምድ ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ናብ ገዛኡ ምኻዱ'ውን ኣብ የማኒት እግሩ ዘይምቹእነት ስለዝተሰምዖ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ሮድሪጎ ዝሓለፈ ዓመት ጁድ በሊንግሃም ቅድሚ ምምጽኡ፡ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ወቕቲ ኪሊያን ምባፐ ምምጽኡ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ምንባሩ ይዝከር። ኣብዚ እዋን ወላ'ኳ ጸላዊ እንተዘለወ፡ ሰም ምባፐ፡ ቪንሰየስን በሊንግሃምን ልዕሊኡ ክጸዋዕ ምና፡ ከምዝይውሓጦ እዩ ዝገለጸ።

ከም ወጽኢቱ መጻኢ እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ዘይንጹር ከምዝሎ - ጋዜጣ ማርካ ኣብ ዓምዳ ኣስፊራ። እዛ ናይ እስጳኛ ምንጪ፡ ሮድሪጎ ኣብ ክራማት ካብዛ ክለብ ክወጽእ ይሰርሕ ምህላዉ ሓቢራ። ዓበይቲ ክለባት እንግሊዝ ማን ሲቲን ኣርሰናልን ድማ፡ ክፈርማኦ ተበጊሰን ኣለዋ።

እንተ እዚ ወዲ 24 ዓመት መንእሰይ ግና፡ "ንኹሉ መልእኽቲ ኣመስግን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ክምለስ እየ። ነገራት ካብ ምልባዕ ድማ ኣቋርጹ" ኢሉ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ንዝዘረብ ዘሎ፡ ትማሊ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ መልሲ ሂቡሉ።

ብባርሴሎና ተበሊጻ ካልኣይቲ ዘላ ሪያል ማድሪድ፡ ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ፡ ንማጀርካ ዓዲማ ናይ መበል 36 ናይ ላ'ሊጋ ጸወታ ኣሰላሲላ።




## ውድድር መኸተ ጉስጢ ክካየድ እዩ

ብምኽንያት መበል 34 በዓል ናጽነት፡ ሰንበት 18 ግንቦት ውድድር መኸተ ጉስጢ ኣብ ማእከል ምህናጽ ኣካላት ሃግመተኤ (ጂምናዝዮም ደንደን) ክሰላሰል እዩ።

እዚ ውድድር፡ ካብ ሰዓት 9፡00 ክጅምር ምዃኑ፡ ወደብቱ ሓቢሮም።

## ዞባ ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ገዳይም . . .

ሰንበት 18 ግንቦት፡ ኣብ ከበቢ እንዳማርያም ኣብ ዝሰላሰል ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ናጽነት'፡ ናይ ገዳይም ተቐዳደምቲ ጸወታ ተሰሪዑ ምህላዉ፡ ፌደረሽን ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ኣብቲ ዕለት፡ ደቂ ተባዕትዮ 25 ኪሎሜትር፡ ደቂ ኣንስትዮ 15 ኪሎሜትር ክሸፍኑ እዮም።

ዝሓለፉ ክልተ ሰናብቲ ዝተሰላሰለ 'ዋንጫ ናጽነት'፡ ኣብቲ ዕለት ሳልሳይን መዛዘሚን መድረኽ ክካየድ እዩ።

## ኣልሳሕል ኣልነስርን ዋንጫ ናጽነት ንምልባል ክጠማጠማ እየን

ብምኽንያት ቅነ ናጽነት ዝተወደበ ኣብ መንጎ ሸሞንተ ጋንታታት ናይ ደቂ ተባዕትዮን ሽዱሽተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮን ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ከተማ ከረን፡ ቀዳም 17 ግንቦት ኣብ ስታድዮም ከረን ክዛዘም እዩ።

እዚ ውድድር፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ዓርሞሽሽ ክለብ ኣልነስር ከምኡ ድማ ታሪኻዊት ኣልሳሕል ኣብ ፍጻመ ክራኸባ እየን። ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ምምሕዳር ከባቢ 05 ኣንጻር ምምሕዳር ከባቢ 02 ክትጻወት እያ።

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናብ ፍጻመ ሓሊፋ ዘላ ኣልሳሕል፡ ንኣልነስር ረቲዓ ንደገፍታ ከተሰራስር ትጽበ፡ ብዙሓት ከኸውን እንከሎ፡ ኣልነስር'ውን ነታ ዝሓለፈት ዓመት ዘምለጠታ ጸዋእ ናጽነት ንምጭባጥ ሓያል ምድላዋት ኣኪይዳ ኣላ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ተጻዋታይ ሊል - ጆናታን ዳቪድ፡ ምስ ምውዳእ እዚ ወቕቲ ውዕሉ ዛዚሙ ካብታ ክለብ ክወጽእ ምዃኑ፡ ትማሊ ወግዓዊ ገይሩ።

እዚ ካናዳዊ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ካብ ናፖሊ ሓያል ተገዳስነት ረኺቡ ኣሎ።

* ወሳኒ ተጻዋታይ ቶተንሃም - ደጃን ኩሉሰቨስኪ፡ ህላወኡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮፓ ሊግ ኣጠራጣሪ ምህላዉ ተሓቢሩ - ሰሪ መጉዳእቲ።

እዚ ሸወደናዊ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሜዳኦም ብክሪስታል ፓላስ 2-ብ0 ዝተሳዕሩሉ ጸወታ እዩ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ገጢምዎ። በዚ ድማ፡ ረቡዕ 21 ግንቦት ኣንጻር ማን ዩናይትድ ካብ ዘካይድዎ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮፓ ሊግ ከይብኮር ተሰጊኡ ኣሎ። ካብዘን ኣብ ፕሪመር ሊግ ብተኸታታሊ መበል 16ን (ማን ዩናይትድ) 17ን (ቶተንሃም) ተሰሪዐን ዘለዋ ክለባት ዝተዓወተት፡ ዝመጽእ ወቕቲ ብቐጥታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሳትፍ ትኬት ክትቅርጽ እያ።

## ነገረ ኣርሰናል

መቸም ብዛዕባ ኣርሰናልን ምስ ዋንጫ ዘለዋ ምትእስሳርን ብዙሕ ተባሂሉ እዩ - ተኣጨሪቑ እንተተባህለ'ውን ምግናን ኣይኮነን፡ ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ።

እዛ እንግሊዛዊት ክለብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ወቕቲ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ከተልዕል ኣብ ደርኩኹት በጺሕ ኣላ እናተባህለት፡ ብማንቸስተር ሲቲ ምምንጣላ ይዝከር።

ሎሚ ዓመት ድማ፡ ብሊቨርፑል ድሕሪ ምብላጻ፡ ምሉእ ኣተኩሮኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ገይራ ተስፋ ረኺባ ነይራ፡ ብፍላይ ንዓርሞሽሽ ክለብ ሪያል ማድሪድ ካብ ርብዒ ፍጻመ ምስ ኣለየታ። ብፒኤስጂ ካብ ፍርቂ ፍጻመ ድሕሪ ምእላያ ግና፡ ሎሚ ዓመት'ውን ብዘይ ዋንጫ ክትውድእን ከም'ቲ ልሙድ ንዓመታ ክትጸበን ተቐሲባ ኣላ። ከም ውጽኢቱ ብዛዕባኣ ብዘተፈላለዩ ውልቀ ሰባት ብዙሕ ተኣጨሪቑ እዩ። ንሎሚ ንሓንቲ ካብዘን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ቀላሒታ ዝረኸበ ኣሳእል ንተዓዘቡ።

"ኣብዚ ዓመተ-ስፖርት ኣርሰናል ዘልዓለቶ ነገር፡ ተጻወትታ ኣብ እዋን ናይ መኣዝን ቅላዕ (ኩርናዕ) ዘልዓልዎ ኢዶም ጥራይ እዩ" ዝብል ጽሑፍ ዘሰፈረት እያ።




## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ላ'ሊጋ**

ኦሳሱና - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 8፡00 ድ.ቀ

እስጳኞል - ባርሴሎና 10፡30 ድ.ቀ




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 15/05/2025 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቃ እንዳ ማርያም ጥቃ ባር ትራሱየሲ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services